መበል 36 ዓመት ቁ.17 ቀዳም 19 መስከረም 2026 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 3
ምስግዛእ ርእሰኻ ምጽብጻብ



ገጽ 8
ኢግዚብሽን፡ ዝኽሪ ወርቃዊ እዮቤልዩ ምምስራት . . .



ገጽ 9
ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ፡ ኣብ ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ. . . .



ገጽ 10
ኣደታት ቤት ትምህርቲ ሰውራ - መምህራን ግብርን ፍቕርን



ገጽ 11
ኢንፋንቲኖ፡ ንኣልታሕሪር 'ዩሃና' ኢሉዋ



# ብምኽንያት ወርቃዊ እዮቤልዩ ምምስራት ቤት-ትምህርቲ ሰውራ፡ ባህላዊ ካርኒቫል ቀሪቡ

ብምኽንያት ጽንብል ወርቃዊ እየብልዩ - ዝኽሪ 50 ዓመት ምምስራት ቤት-ትምህርቲ ሰውራ፡ ትማሊ 18 መስከረም ኣብ ሰዓታት ድሕሪ-ቀትሪ፡ ኣብ ቀንዲ ጎደናታት ኣስመራ፡ ምዕሩግ ባህላዊ ካርኒቫል ቀሪቡ።

እዚ ብምትሕብባር ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ምምሕዳር ዞባ ማእከልን ተወዲቡ ዝተኻየደ መደብ፡ ካብ ጎደና ሰማእታት ተበጊሱ፡ ብጎደና ሓርነት ኣቢሉ ኣብ ሜዳ ባሕቲ መስከረም'ዩ ተዛዚሙ።

ኣብ'ዚ ንኣስታት ክልተ ሰዓታት ዝቐጸለ ካርኒቫል፡ ብባህላዊ ኣልባሳት ብሄራትና ዝማዕረጉ ልዕሊ 10 ሽሕ ነበርቲ 13 ንኡሳን ዞባታት ማእከል፣ ከምኡ'ውን ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕን ሚኒስተር ትምህርቲ ዶ/ር ሓሊማ መሓመድን ዝመርሕዎም ኣስታት 500 ተመሃሮ፡ መምህራንን ኣለይትን ቤት-ትምህርቲ ሰውራ ዝበሩ ተሳቲፎም።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ቤት-ትምህርቲ ሰውራ ተደኲናትሉ ናይ ዝበረት ቦታታት ኣስማት ዝሓዙ ታቤላታት፣ ብውክልና ዝቐረበ - ተመሃሮ ቤት-ትምህርቲ ሰውራ ብጠዚሒ ዝጥፍኡ ዝበሩ ዓውድታት ዘርኢ ሰልፊ፡ ከምኡ'ውን ምስሊ ቤት-ትምህርቲ ሰውራን ቀያሕቲ ዕንበባን ዘንጸባርቕ ትሕዝቶ ንምርኢት ቀሪቡ።

ብ17 መስከረም ብሰኣላውን ንዋታውን ምርኢት ዝጀመረ መደባት ዝኽሪ 50 ዓመት ምምስራት ቤት-ትምህርቲ ሰውራ፡ "ዕዙዝ ዝኽሪ ንሓድሽ ወፍሪ ህንጸት ሃገር" ብዝብል ቴማ፡ ክሳብ 20 መስከረም ብዝተፈላለየ መሰናድኦታት ክቕጽል'ዩ።



ሰኣሊ. ክብሮም ጸሃየ

# ጋሽ-ባርካ - መደባት ዝኽሪ ወርቃዊ እዮቤልዩ ምምስራት ቤት-ትምህርቲ ሰውራ ተኸፊቱ

"ዕዙዝ ዝኽሪ ንሓድሽ ወፍሪ ህንጸት ሃገር" ብዝብል ቴማ ኣብ ውሽጢ ሃገርን ወጻእን ብዝተፈላለየ መሰናድኦታት ዝጽንበል ዘሎ ዝኽሪ መበል 50 ዓመት ምምስራት ቤት-ትምህርቲ ሰውራ፡ ብደረጃ ዞባ ጋሽ-ባርካ ብ16 መስከረም ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ትኹል - ንኡስ ዞባ ሞልቀ ብወግዒ ተኸፊቱ።

እቲ ንኽብሪ ናይ'ቶም ኣብ ወርሒ ታሕሳስ 1983 ብመግዛእታዊ ስራዊት ፋሽሽታዊ ስርዓት ደርግ ብዝተፈጸመ ናይ ቃጻ መጥቃዕቲ ናይ ዝተሰውኡ ቀያሕቲ ዕንባባ ዝርከብዎም ጀጋኑ ሰማእታት ኣስከሬን ናብ ዝዓረፈሉ ቦታ ብምብጻሕን ኣኽሊል ዕንባባ ብምንባርን ዝፈለመ መደብ፡ ንተዘክሮታት ቤት-ትምህርቲ ሰውራ ብዘቕስቕሱ ባህላዊ፡ ስፖርታውን ስነ-ጥበባውን ትሕዝቶታት፣ ከምኡ'ውን ሰሚናራት፣ ስእላዊ ምርኢትን ስነዳዊ ንጥፈታትን ክሳብ 20 መስከረም ክቕጽል'ዩ።



ኣብ ትኹል ኣብ ዝተኻየደ፡ ምውላዕ ሽግ፡ ምንባር እምነ-መሰረት ሓወልቲ ሰማእታት፣ ምትካል ፈልሰን ምንባር ኣኽሊል ዕንባባን ዝተኻየደሉ ስነ-ስርዓት፣ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ባህልን ስፖርትን ኣቶ እድሪስ ሳልሕ፡ ካብ 17 መስከረም ጀሚሩ ኣብ ከተማታት ባረንቱ፡ ተሰነይን ኣቑርደትን፡ ስፖርታውን ባህላውን ንጥፈታትን ካልእን ዘጠቓልል መደባት ከም ዝካየድ ሓቢሩ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ብ17 መስከረም ኣብ ባረንቱ - ንመንቡበሮ ተመሃሮ ቤት-ትምህርቲ ሰውራ፣ ንጥፈታት ኣካዳሚያውን ሞያውን ትምህርቲ፣ ባህላዊ፡ ስፖርታውን ማእቶታውን ንጥፈታት ኣብ ቤት-ትምህርቲ ሰውራ፣ ደብዳብ ነፈርትን ሓፈሻዊ ንጥፈታት ቤት-ትምህርቲ ሰውራን ዘንጸባርቕ ስእላዊ ምርኢት ቀሪቡ።

ኣብ ክልቲኡ ኣጋጣሚታት፡ ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ሕሩይን ሓለቓ ስታፍ እዚ ምዕራብ ብርጋዴር ጀነራል ጸሃየ መኮንን ዝርከብዎም ላዕለዎት ሰብ-ስልጣን፡ ከምኡ'ውን ኣባላት ቤት-ትምህርቲ ሰውራ ነበርን ካልኦትን ተረኺቦም ነይሮም።

ዜና

# ኣባላት ሃገራዊ ማሕበር ዓይነ-ስዉራን፡ ብቴክኖሎጂ ኮምፕዩተርን ኣርትዖት ድምጺን ሰልጢኖም

ኣብ ዝተፈላለያ ዞባታት ተዋጺኦም፡ ኣብ ኣስመራ ንክልተ ኣዋርሕ ብቴክኖሎጂ ኮምፕዩተርን ኣርትዖት ድምጺን ዝሰልጠኑ 37 ኣባላት ሃገራዊ ማሕበር ዓይነ-ስዉራን ኤርትራ፡ ብ16 መስከረም ተመረቑ።

ኣብ ሃገራዊ ማሕበር ዓይነ-ስዉራን ሓላፊ ክፍሊ ሞያውያን ኣቶ ክብሮም ገብረኣብ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ እቲ ስልጠና መቐጸልታ ናይ'ቲ ሞያዊ ዓቕሚ ኣባላት ንምዕባይ ብማሕበር ዝካየድ ስልጠናታት ከም ዝኾነ ብምጥቃስ፡ ኣብ ዕለታዊ ንጥፈታት ሰልጣኑቲ ኣዝዩ ኣገዳሲ ከም ዝኾነ ሓቢሩ።

ኣብ'ቲ ማሕበር ሓላፊ ስራሕ ፍልጠትን ቴክኖሎጂን ኣቶ ኢሳይያስ ተስፉ ብወገኑ፡ ዓይነ-ስዉራን ብቴክኖሎጂ



ስእሊ-ሮቤል መረስዕ

ተሓጊዞም ኣብ ዝተፈላለየ ኣብያተ-ጽሕፈት ተመዲቦም ዝምስገን ዕዮ የሰላስሉ ከም ዘለዉ ብምግላጽ፡ ንጻወት ናይ'ቲ ስልጠና ኣበርኪቶ ንዘዘበረ ቤት-ጽሕፈት ሓለቓ ጠቕላሊ ስታፍ ሚኒስትሪ ምክልኻል ኣመስጊኑ።

ኣብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ምምዕባል ዓቕሚ-ሰብ ኣቶ ጴጥሮስ ሃይለማርያም ኣብ ዝሃቦ መዘዞሚ ቃል፡ እቲ ስልጠና - ምስ'ቲ መንግስቲ ንስንኩላን ዜጋታቱ ዓቢ ቈላሕታ ሂቡ ዝሰርሖ ዘሎ ገዚፍ ወፍሪ፡ ዓይነ-ስዉራን ኣብ ዝተዋፈሩሉ ስራሕ ዕዙዝ ኣበርክቶ ይገብሩ ከም ዘለዉ ብምጥቃስ፡ ሚኒስትሪ ምክልኻል ንዝገብሮ ዘሎ ምድግጋፍ ምስጋና ኣቕረበ።

# ዓዲቐይሕ - ኣብ ኣገዳስነት ስታትስቲክስን ስርዓተ ጂኦግራፊያዊ ሓበሬታን ኣስተምህሮ ተዋሂቡ

ኣብ ከተማ ዓዲቐይሕ፡ ኣብ ኣገዳስነት ስታትስቲክስን ስርዓተ ጂኦግራፊያዊ ሓበሬታን፡ ከምኡ'ውን ንቑልዑ ዝወሃብ ኣስማትን ምምላእ ቅጥዒ ስድራ-ቤትን ዝተኮረ ኣስተምህሮ፡ ብ16 መስከረም ተዋሂቡ።

ኣብ ዞባ ደቡብ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ስታትስቲክስን ስርዓተ ጂኦግራፍያዊ ሓበሬታን ኣቶ ፍጹም ገብረእግዚኣብሄር፡ ስርዓተ ሓበሬታ ካብ ምምሕዳራት ከባቢን ኣካባብርትን ከም ዝጅምር ብምግላጽ፡ ምምሕዳራት ከባቢ ነዚ ንምዕማም ምስ ዝተፈላለየ ኣብያተ-ጽሕፈት መንግስትን ማሕበራትን ተወሃሂደን መዛግብቲን ከጽፍፋ ከም ዝግባእ ኣገንዚቡ።

ኣብ መስርሕ ምዝገባ፡ ናይ ዝተወልዱ ህጻናት፡ ዝተመርዓዉ፡ ዝተፋትሑን ዝሞቱን ብውርጹጽ ኣገባብ ንኽምዝገቡ፡ ተራ ኣመሓደርቲ ከባቢ ክዕዘዝ ኣተሓሳሰበ።

ሓላፊ ኣገልግሎት ኮምፕዩተርን ስርዓተ ሓበሬታን ዞባ ደቡብ ኣቶ ተኸለ ገብረመስቀል ብወገኑ፡ ኣብ ሃገርና ንቑልዑ ዝወሃብ ኣስማት ንባህሊ፡ ልምድን ክብርታትን ሕብረተሰብና ኣብ ግምት ዘእተወ ምስ ዝኾነ፡ ብቐሊሉ ክጽሓፍን ክንበብን ስለዝኽእል፡ ወለዲ ኣብ ምውጻእ ኣስማት ጥንቁቓት ክኾኑ ተላቢዩ።

ሓላፊ ምትንታን ስርዓተ ሓበሬታ ኣቶ ተወልደ ፍስሃየ ብወገኑ፡ ንቕጥዒ ስድራቤታት ዝምልከት ቅኑዕን ዝተኣማምንን ዳታ ንምሓዝ ከምኡ'ውን ተገልገልቲ ካብ ምምልላስ ንኸድሕኑ፡ ዝተማልአ ሰነዳት ክቐርብ ኣተሓሳሰበ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ኑቲ መስርሕ ብጽፈት ንምስልሳል፡ ኣብ ዓድታት ኣስተምህሮታት ክወሃባን ዘይተመዝገበ ከይህሉ ዳህሳስ ክካየድን ተላብዮም።

ኣመሓዳሪ ን/ዞባ ዓዲ-ቐይሕ ኣቶ ሃብታይ ተስፉዝጊ ኣብ መወዳእታ፡ ዝተዋህበ ኣስተምህሮ ኣብ ግብሪ ውጽኢት ንኸርክቡ፡ መምህራን መዋእለ ህጻናትን ኣመሓደርቲ ከባቢን ናይ ክብሪ መዝገብ ዘይብሉ ቈልዓ ከይህሉ ተወሃሂዶም ክሰርሑ ተላብዩ።



# ማእከል - ኣፍልጦ ሕብረተሰብ ኣብ ምክልኻል ገበን ንምብራኽ ሰሚናር ተኻዪዱ

ኣብ ዞባ ማእከል - ንኡሳን ዞባታት ፓራዳይዝን ጎዳይፍን፡ ኣፍልጦ ሕብረተሰብ ኣብ ምክልኻል ገበን ንምብራኽ ዝሕግዝ ሰሚናራት ተኻዪዱ።

ኣዛዚት 4ይ መደበር ፖሊስ ካፒቴን መርየም ጣህር ብ16 መስከረም ምስ ነበርቲ ምምሕዳራት ከባቢ ዓዲ-ሰጉዶ፡ ዓዲ-ኣቤቶን መካነ-ገነትን ኣብ ዘካየደቶ ሰሚናር፡ ተልእኾን ራእይን ፖሊስ ኤርትራ ብሰፊሑ ድሕሪ ምግላጽ፡ ንምስማሩ ኣብ ዘካየድ ንጥፈታት፡ ንቑሕ ተራ ሕብረተሰብ ወሳኒ ከም ዝኾነ ገሊጻ።

ካፒቴን መርየም ኣስዒባ፡ ኣብ ቀዳማይ መንፈቕ ናይ'ዚ ዓመት፡ 147 ገበናትን 263 በደላትን ኣብ'ቲ መደበር ከም እተመዝገበ፡ ብጥሕሰት ሕግታት ትራፊክ ዝተኸሰሳ ተሽከርከርቲ ድማ፡ ልዕሊ 3200 ከም ዝበጽሓ ብምሕባር፡ መራሕቲ ብሽክለታታትን ካልኦት ተሽከርከርትን ብሕግታት ትራፊክ ክመላለሱ መኺራ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ገበናትን በደላትን ምክልኻል ንፖሊስ ጥራይ ዝግደፍ ዕማም ስለ ዘይኮነ፡ ኣበርክቶኦም ኩብ ከም ዘበሉ ብምርግጋጽ፡ ተመሳሳሊ ሰሚናራት ክቕጽል ተላብዮም።



ኣመሓዳሪት ንኡስ ዞባ ፓራዳይዝ ወ/ሮ ሱቶም ሰይድ ብወገና፡ ገበናትን በደላትን ንምክልኻልን ገበነኛታት ንምቕላዕን እቲ መሰረታዊ ምትሕብባር ህዝብን ፖሊስን ከም ዝኾነ ብምሕባር፡ ወለዲ ኣብ ምምእዛንን ምክትታልን ደቆም ዕቱባት ክኾኑ ኣዘኻኺራ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣዛዚ 7ይ መደበር ፖሊስ ንነበርቲ ንኡስ ዞባ ጎዳይፍ ተመሳሳሊ ሰሚናር ኣካዪዱ።



ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቁ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቁ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቁ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም | ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ | ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቁ.ስ.113395-07588045
ምልክታ
ቁ.ስ 125013 - ቁ.ሳ.ጶ. 1284

# ኩርናዕ ተመሃሮ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ
surafealtesfabruk@gmail.com

## ምስ ገዛእ ርእስኻ ምጽብጻብ

ህይወት ብግዜ'ያ ትዕቀን። ግዜ መጥመር ኵሉ ህይወትና'ዩ። እንግበሮን እንሓስቦን ዘበለ ኣብ መቓን ግዜ ኣእቲና ኢና እንኸዶ። "ናይ ምሸት ከምዚ ኣሎኒ፡" "ጽባሕ እዚን እዚን ክገብር'የ፡" "እዚ ዓመት ከምዚ ገይረ ክኸዶ'የ፡" "ምስ ዓበኹ እዚን እዚን ክበጽሖ ኣሎኒ፡" ወዘተ እናበልና እንልክዖ ንጥፈታትና፡ ሕልምታትና፡ ኩታ ኵሉ ነገራትና ኣብ መቓን ግዜ ነእቱዎ። እቲ "ናይ ምሸት፡ ጽባሕ፡ እዚ ዓመት፡ ምስ ዓበኹ፡ " ተባሂሉ ዘሎ ኵሉ መዐቀኒታት ግዜ'ዩ። ንጥፈታትና ኣብ ግዜ ኣትዩ'ዩ ዝዕቀን። ስለዚ፡ ግዜ ኣብ ህይወትና ዘይንዓቕ ኣምር ኰይኑ ኣሎ። ንግዜ ምንዓቕ፡ ንውድቀት ምጽዋዕ ክኸውን እንከሎ፡ ንግዜ ምኽባርን ምጥቃምን ከኣ ንዕብየትን ዓወትን ምጽዋዕ እዩ። ሓደ ካብ ዘበለጸ ባህርያት ዕውት ተመሃራይ እምበር፡ ንግዜ ብግቡእ ክትጥቀመሉ ምኽእል'ዩ። ንግዜ ብግቡእ ዝጥቀመሉ ተመሃራይ ከኣ መገዱን ንጥፈታቱን ወትሩ ስሩዕ ይኸውን። ኣብ ከባቢኹም ዘለው ንፉዓትን ዕውታትን ተመሃሮ ተስተብህልሎምዶ፧ ከመይ ከመይ ይውዕሉ፧ እንታይ እንታይ ይገብሩ፧ ብኣካይዳኦምን ኣታሕዛ ነገራቶምን ስሩዓት ብምዃኖም ምስ ንፉዓት ወይ ግዱሳት ትቼጽሩዎም ተመሃሮ ኣለውዶ፧ እሞ ኣብ ከባቢኹም ዘለዉ ኣብ ኣካዳምያዊ ውጽኢቶም ዝምስገኑ መዛኑኹም ኣካይዳኦም ዘክሩ።



ትምህርቲ ወዲ ሰብ ቀጻልነቱ ንኸውሕስ ካብ ዝሓገዞ ርኽበታቱ ሓደ'ዩ። ህጻን ውልድ ካብ ዝበል ካብ ከባቢኡ ዝምሃሮ እልቢ ዘይብሉ ትምህርቲ ኣሎ። ንሱ እናዓበየ፡ ክምሃሮ ዘሎዎ'ውን እና'ዕበየ ይኸይድ። ዕድመኡ ናብ ቤት ትምህርቲ ክኸደሉ ዝኽእል ምስ ኰነ ከኣ ትምህርቲ ብስሩዕ በብደረጃኡ ይወሃቦ። ኣብ ዕድመ ክቱትናኡ፡ ትምህርቲ፡ ወለዱ ናብ ትምህርቲ ስለ ዝለኣኹዎ ጥራይ ዘይኰነ ረብሓኡ ምዃኑ ይርድኦ። ህይወቱ ብዝቐለለ ንኽመርሕ ከኣ ኣብ እዋን ንእስነቱ መሰዋእቲ ይኸፈል። መስዋእቱ ከኣ ንግዜኡ ብግቡእ ብምጥቃም ይምሃረሉ፣ ይመራመረሉ።

እቲ ኣብ ቤት ትምህርቲ ክገብሮ ዘሎዎ ንጥፈታት ኵሉ ተሰሪዑ ይከታተሎ። እቲ ኣብ ቤት ትምህርቱ ኰነ መጽናዕቱ ዝገብሮ ዘበለ ኣይከብዶን። እኳ ደኣ ግዜኡ ቀራቒሩ፡ ኣዋሊዱ፡ ንኸውስኸሉ ይስስዕ፣ ዝያዳ ይመራመር። ንግዜኻን ዕማምካን ሰሪዕካ ምኻድ ሓደ ካብ ባህርያት ዕውታት ተመሃሮ ብምዃኑ ንኽዕወት ኣይሽግሮን። እቶም ናይ ትምህርቲ ንጥፈታት ዘቐሎም ዘበዝሐ ግዜ፥

- ነብሶም ክኢሎም ክሰርሑ ኣይጽገሙን፣
- ዕማሞም ምስ ኵነታትን ሰደቓ ግዜኦምን ዝጠዓዓም ይገብሩዎ፣
- ኣጥቢቖም ምሓዝ የዘውትሩ፣
- ዝጀመሩዎ ከይወድኡ ኣይቀስኑን፣
- እናተፈለጦም ብሕመቐም ዝመጽእ ጉድለት ቀዲሞም ይኣልዩ።

ንኽንዕወት ንግዜና ብውሑሉል መገዲ ክንጥቀመሉ የድሊ።

ኣብ ዝሓለፈ ሕታም'ዚ ዓምዲ፡ ብመደብ ምኻድ እንታይ ጥቕሚ ከም ዘሎዎ ክንርኢ ፈቲንና ነይርና። ንጥፈታትናን ግዜናን ብመደብ እተሰርዐ እንተ ኰይኑ ዝህበና ጥቕምን ዘጓናጽፈና ዓወትን ኵሉ ሳዕ ኣሎ። ብመደብ ስለ ዝኸድካ ጥራይ ግን፡ ትዕወት ማለት ከኣ ኣይኰነን። ግዜናን ንጥፈታትናን ብመደብ ሰሪዕና ክንከዶ እንከለና፡ ኣብ ነፍሲወከፍ ምዕራፍ፡ ገምጋም ብምግባር ከመይ ንጓዓዝ ኣለና ክንልክዕ የድሊ። እዚ ገምጋም ኣንፈትናን ቅልጣፈናን ብመቓን ግዜና ኣነጺሩ ኩብርሃልና እዩ።

ንኹሉ ንጥፈታትና እንግምግመሉ በበይኑ ዓይነት ሜላ ኣሎ። ኣካይዳናን ኣታሕዛ መደብናን ብደቂቕ ንከታተሎ እንተ ኼንና፡ ኵነታትና ከመይ ከም ዘሎ ሓፈሻዊ ገምጋም ክህሉወና ይኽእል። ዕሙቕ ዝበለ ነብሰ ገምጋም ምግባር ግን መሰረታዊ እዩ። ሓደ ሓደ ግዜ ካብቲ ኣብ ትምህርቲ ብመምህራንና ዝወሃበና ውጽኢት ብዝበለጸ ኵነታትና ክንፈልጥ ይከኣል እዩ። ጽቡቕ እንተ'ለና ንእኡ ዓቂብና፡ ብዝሓሸ እንኸደሉ፡ ጽቡቕ እንተ ዘይሃለና ከኣ ኵነታትና ከይበኣሰ ክንእረመሉ እንኽእል ኣጋጣሚ ንምፍጣር፡ ነብሰ ግምገማ ምግባር ኣገዳሲ ይኸውን።

- ነጥበይ ከመይ ኣሎ፧
- ደረጃ ድሉውነተይን ጻዕረይን፧
- ዕብየት ፍልጠተይ፧
- ናይ ምርዳእ ዓቕመይ፧

ነዚ ኣርባዕተ ነጥብታት ኣብ እተረሓሓቐ መቓን ብምምላስ፡ ኵነታት ነብስና ምፍላጥ ይከኣል'ዩ። እዚ ኣብ በበይኑ እዋን እንወስዶ ገምጋም፡ በብግዜኡ እንምዝገበሉ ፍሉይ ገጽ ብምድላው ንጽሓፎ። እቲ ባዕልና እንህቦ ነጥቢ፡ ካብ ዝነኣሰ 1 ክሳብ ዝዓበየ 4 ክኸውን ይኽእል። ወይ'ውን ካብ ዝተሓተ D ክሳብ ዝለዓለ A ክንህብ ይከኣል። ካልእ ንኣና ዝጥዕም ኣዋህባ ነጥቢ'ውን ክንገብር ይከኣል።

እዚ ድሕሪ ምግባርና፡ ነዚ ዝስዕብ ሰለስተ ሕቶታት ክንምልሶ ፈትን፥

1. ዓወተይ ኣበይ እዩ፧
2. ውድቀተይከ ኣበይ እዩ፧
3. ዓወተይ ከቐጽል ወይ ውድቀተይ ከዐሪ እንታይ እየ ክገብር፧

ውድቀት ከም መወዳእታ ዕድል ካብ ዝርእዩ ተስፋ ቈረጻት ኣይንኹን። ውድቀት ማለት ከም ብሓድሽ ምጅማር ማለት እምበር፡ መወዳእታ ኣርባዕተ ነጥቢ ኣይኰነን። ሓደ ሓድሽ ብድሆ ኣብ ቅድሚና ብምቕማጥ ንምስዓሩ ምቅላስ ማለት'ዩ። ኣብ ኣካይዳናን ኣተሓዛናን እንገብራ ንእሽተይ ለውጢ፡ እወታዊ ውጽኢት ክህሉዋ እዩ። ንበገስ።

**ሃረርታ ብርሃነ**

### ዳእላ ተመሃሮ

Student1 : Do you want to hear a dirty joke?
Student 2 : OK
Student 1: A white horse fell in the mud.

***

Two student were chatting:
First: Do you know what is snake's favorite subject?
Second: , no, you tell.
First: Hissssssstory!


### ግድል

ንብልሒ ተመሃሮ ዝሕግዝ ኣዘናጋዒ ግድላት

■ በላሕቲ እንዲኹም...

እነሆ በሉ ፈተና!

■ ኣብዚ ቍጽርታት ዘሎ ዝምድና ብምምርማር፡ ነቲ ብምልክት ሕቶ ተወኪሉ ዘሎ ቍጽሪ ርኸቡ፧




### ንግንዛበ

## ነብስኻ ከምታ ዘላታ ምቕባል

ኣብዚ ዘለናዮ እዋን፡ "ክትልወጥ ኣሎካ" ዝብል ዘረባታት ብብዝሒ ንሰምዕ ኢና። እዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ዓይነት ዘረባታት፡ ነብስኻ ምስ ካልኦት ብምውድዳር፡ ጠንቂ ነብሰ ምትሓትን፡ ካብ ደገ ወደሳ ምጽባይን ዝገብሩ እዮም።

ትርጉም ዘሎዎ ህይወት ንምምራሕ ብምሉእነት ንኽትነብር ከኣ ብፍላይ ነብስኻ ምቕባል ወሳኒ እዩ። ዓወት፡ ሓጐስ፡ ቅሳነትን ኵሉንትናዊ መዳይ ጥዕናን (ኣእምሮኣዊ፡ ኣካላዊ፡ ማሕበራዊ) ምስጢሩ ኣብ ነብስኻ ምቕባል እዩ ዘሎ።

ነብስኻ ከምታ ዘላታ ምቕባል ርእሰ ተኣማንነትካ ክብ ንኽተብል ሓጋዚ እዩ። ነብሰ ኣምር ስለ ዘዕዝዝ'ውን ንቐጻሊ ዕቤት እቲ ኣዝዩ ኣገዳሲ ረቓሒ ተባሂሉ ክግለጽ ይከኣል።

ነብስኻ ምቕባል ኣብታ ዘለኻያ ደው በል ማለት ከም ዘይኰነ ምርዳእ የድሊ። ብጹእ ኢኻ ንምባል'ውን ኣይኰነን። እንታይ ደኣ፡ ምስ ነብስኻ ምውድዳር፡ ርእሰ ተኣማንነትካ ምዕባይን ኣብ ነብስኻ ዘሎካ ኣረዳድኣ እወታዊ ምግባርን ማለት እዩ።

ነብስኻ ንምቕባል ንነብስኻ ብርህራሄ ምሓዝ የድሊ። ምስ ነብስኻ ዓቕሊ ምግባር፡ ንነብስኻ ምርዳእን ምድንጋጽን'ውን እዩ። ኣብቲ ሓያላት ጐድንታትካ ኣተኵር። ንነብስኻ ዘነኣኣስ ሓሳብ ኣብ ዝመጽኣካ እዋን፡ ደው ኣብሎን ብኻልእ እወታዊ ሓሳብ ተክኣዮን።

ደጋዊ ትርኢትካን ጠባይካን እውን ኣካል ነብስኻ እዮም፣ ተቐበሎም። ከምቲ ንሓደ ትፈትዎ ሰብ እትገብሮ ምክንኻን ንነብስኻ'ውን ተኸናኸናን ሓብሕባን። ዘሎካ ጸጋታት ዓቢ ይኹን ንእሽቶ ብዘየገድስ ቀጻሊ ዘክርን ኣመስግንን። ኣብ ከምዚ ክመሓየሽ ኣሎኒ እትብሎ ነገር እንተ'ሎ ድማ ናይ ብሓቂ ካብ ውሽጥኻ ዝብገስ፡ ብዘይ ዝኾነ ጽልዋ ብናትካ ድሌትን ተበግሶን ምዃኑ ፈለማ ኣረጋግጽ።

ስለዚ፡ ነብስና እንተታት ከየቐመጥና ክንቅበላን፡ መዐየሪታትና ኣስተኻኺልና እወታዊ ነብሰ ክብሪ ክንሃንጽን ካብ ሎሚ ንበገስ!

**ኣሚራ ሰናይ**

### ጥቕሲ እዚ ሰሙን

"ናይ ሓሶት ጭብጥታት ንምዕባለ ስነ ፍልጠት ይጐድኦ'ዩ፣ ኣረ ንነዊሕ ግዜ። ዘሰንዮ ጭብጢ ዘሎዎ ናይ ሓሶት ትዕዝብትታት ከኣ ብመጠኑ። ክልተኡ ሓሶት ምዃኑ ከተረጋግጽ እንከለኻ ዘሎ ንኣእምሮ ዝጠቅም ባህታ ግን ብዙሕ'ዩ።

- Charles Darwin

ንትምህርቲ፡ ምህዞ፡ ርኽበትን ሓፈሻዊ ህይወትን ዝገልጽ ጥቕሲ

# ፍረ ጻዕሪ

ሕርሻን መግብን

ሚኒስትሪ ሕርሻ

# ጊንዳዕ
## ልምዓት ኮመደረ ብባህርያዊ ሕርሻ

‘ሕጺት’ ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ፡ ካብ ኣስመራ 43 ኪሎ ሜተር ርሒቓ እትርከብ ምምሕዳር ከባቢ እያ። ዝበዝሑ ተቐማጦኣ ሓረስቶት ኲዩናም፡ ኣብ ልምዓት ዓበይቲ ኣግራብ ብሓፈሻ፡ ኣብ ልምዓት ኣሕምልትን ፍረታትን ድማ ብፍላይ ይነጥፉ።

ካብ ቅድሚ ገለ ዓመታት ኣትሒዞም'ኳ ኣብ መፍረ ኮመደረ ይነጥፉ እንተነበሩ፡ ግቡእ ኣገባባት ከየማልኡ ክተኽሉዎ ስለ ዝጸንሑ፡ እቲ ዝድለ ፍረ ክህቦም ኣይከኣለን። ‘ምኳን ኣብዩና’ ኢሎም ድማ ዳርጋ ተሰፋ ክቖርጹ ጸኒሖም። ዝበዝሑ ጀራዲኖም ብዮቦታት እተኸበ ብምኳኑ'ውን ዋሕዲ ማይ ከጋጥሞም ጸኒሑ።

ነበርቲ ናይዚ ምምሕዳር ድማ ነቲ ኣብ ልምዓት ሕርሻ ከጋጥሞም ዝጸንሐ ጸገማት ንምፍታሕ፡ ብመንገዲ ማሕበሮም ማሕበር ኣልማዕቲ ጀራዲን ጊንዳዕ ማይ ኣድከሞም ተጠርኒፎም፡ ኣብቲ ኣብ ኣኽርያ ብሚኒስትሪ ሕርሻ ዝካየድ ዘሎ ሃገራዊ መርኣያ ጥሙር ባህርያዊ ሕርሻ ዑደት ኣካዪዶም ነይሮም።

ኣብኡ ዝዐለ ባህርያውን ስነ-ፍልጠታውን ኣሰራርሓ፡ ከምኡ ድማ ንዘፈርዩ ዘለዉ እተፈላለዩ ሕርሻዊ ፍርያት ተዓዚቦም። ሓደ ኻብኡ፡ ምዕቡል ኣገባብ ልምዓት ከቢብ ኮመደረ እዩ። ኣብ ርእሲ'ቲ ዝቐሰምዎ ኣስተምህሮ፡ ንፈተነ ዝኸውን ዘርኢ ከቢብ ኮመደረ ተዋሂቡዎም።

ሓደ ካብቶም ኣብ ጀርዲኖም ፈተነ ዘካየዱ ሓረስቶት፡ ዓሊ ኢብራሂም እዩ። ኣቶ ዓሊ፡ ኣብቲ ልዕሊ 800 ትርብዒት ሜትር ግራቱ ዝተኸሎ ኮመደረ፡ ንዝተዋህቦ ምኽሪ ኣብ ግብሪ ኣውዒሉ ዛጊት 8 ግዜ ብምእራይ፡ 22 ኩንታል ምህርቲ ረኺቡ፣ እዚ ድማ ካብ ሓደ ሄክታር 270 ኩንታል ማለት እዩ። (ምእራይ ኮመደረ ድሕሪ'ውን ስለ ዝቐጸለ፡ ምህርቲ ከም ዝዛይድ ርዱእ'ዩ።)

ቅድሚ ውሑድ ዓመታት፡ ኣብ ሃገርና ብብዝሒ ከቢብ ኮመደረ ምፍራይ ልሙድ እዩ ነይሩ። ምስ ግዜ ግን ሳማርሳዊ ዝዓይነቱ ኮመደረ ዋሬይ እዩ ክፊሪ ጸኒሑ። ሚኒስትሪ ሕርሻ ድማ ነቲ ቅድሚ ሎሚ ኣብ ሃገርና ዝፈሪ ዝነበረ ከቢብ ኮመደረ፡ ናብ ንቡር ንምምላሱ ብዕቱብ ይሰርሓሉ ኣሎ። ኣብ መላእ ሃገር ንምስፋሑ'ውን ጻዕርታት የካይድ ኣሎ። ኣባላት ማሕበር ኣልማዕትን ኣፍረይትን ጊንዳዕ-ማይ ኣድከሞም፡ ናብ ግራት ሓረስታይ ዓሊ ኢብራሂም ዑደት ብምግባር'ውን ተመኪሮ ተቓያዪሮም ነይሮም።

ኣብቲ ዑደት፡ ንሓረስታይ ዓሊ ኢብራሂም፡ ተመኪሮ ክቐስሙ ንዝመጹ ኣቶ ዑስማን ሓምድ ዓሊን ኣቶ ሰዒድ ሑሴንን ከምኡ'ውን ኣከፋፋሊ ኣሕምልትን ካልኦት ዋር-ነገራትን ኣቶ ጠዓመ ተኽለ ኣዘራሪብናዮም ኔርና።

ዓሊ ኢብራሂም፡ ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ሕጺት ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ፡ ኣባል ማሕበር ኣልማዕቲ ኣሕምልትን ፍረታትን ማይ ኣድከሞም እዩ። “ኣጀማምራና ጸቡቕ'ዩ፣ ባህርያዊ ድኹዕን ጸረ ባልዕን ተጠቒምና፡ ኣብዚን ካብ ሃገራዊ መርኣያ ጥሙር ባህርያዊ ሕርሻ ኣኽርያ ዝተዋህባና ኮመደረ ኢና ጸቒጥና። እዚን ሮቶንዶ ዝብሃላ ፍርያት ክልተ ዓይነት እየን፡ ሱፐርፋንታስቲክን ብራንዴዋይን ከም ዝብሃላ፡ ሓበሬታ ተዋሂቡና። እዚ ናይ ቀደም ዘርኢ እዩ። ንእሽቶ ከለኹ፡ ቅድሚ 2007 ከምዚ ዓይነት ሮቶንዶ ነይሩና፣ ሕጂ ከኣ ባህርያዊ ዘርኢ ተባሂሉ ኣምጺኦምና፣ ውጽኢቱ ከኣ ዝሓሸ ኮይኑ ጸኒሑና” ብምባል ለበዎኡ ንህዝቢ ብኽምዚ የሕልፍ።

“ህዝቢ፡ ናይ ቀደም ከቢብ ኮመደረ'ዩ ብምባል ብዙሕ ኣይጠልቦን ስለዘሎ፡ ምፍላጥ የድሊ። እዚ ሕጂ ዝፈሪ ዘሎ ኮመደረ፡ ዝኾነ ከሚካል ዘይግበረሉ ባህርያውን ኣርባሕን እዩ። ሕጂ ንሳልሳይ ግዜ ኢና ኣፍሪናዮ ዘለና።”



ዓሊ ኢብራሂም

ሓረስታይ ዓሊ ኢብራሂም፡ ኣብ መወዳእታ፡ “ሕጂ ህዝብና ነዚ ከቢብ ኮመደረ ‘ሮቶንዶ’ እናተለማመደ ይመጽእ ምህላው ተሰፋ ኣለና። እዛ መሬተይ 859 ት.ሜ. እያ፣ ጽሩይ ፍርያት ንህዝበይ ይሽጠሉ፡ መሬተይን ነብሰይን ካብ ብከላታት ውሑስ ገይረ፡ ብተወሳኺ ውሑስ ፍርያት ንህዝበይ እሸይጥ ስለዘለኹ ሕጉስ'የ።” ብምባል ቃሉ ይዛዝም።

ኣቶ ዑስማን ሓምድ ዓሊ ድማ ብዛዕባ ኮመደረ ሮቶንዶ፡ ከምዚ ክብል ርእይቶኡ



ኣቶ ዑስማን ሓምድ ዓሊ

ይገልጽ፡ “ሳማርሳዊ ኣይንፈልጥን ኢና፣ ናይ ቀደም ሓምሊ ጣልያን ኢና ንጥቀም ነይርና። ኣብ ሓጋይ ይፈሪ፣ ኣብ ክረምቲ ይፈሪ፣ ጽሂናዩ፡ ቆሪጽናዮ ወላ እንተደርበናዮ ኣብኡ ይፈሪ። ተረጊጹ እንክሎ ይበቁል ነይሩ። ዘሪእካዮ ኩስኩስካዮ ክሓምም ኣይከነንስ፡ ኣብ ደረት ደርቢና እናረገጽናዮ'ኳ ይበቁል ነይሩ። ኮመደረ፡ ከሚካል ወይ መዳበሪያ ተጠቒምካ፡ ብታሕቲ እንተ በሲላ ፍልጥቲ እያ፣ ብላዕሊ ዋረ ትኸውን፣ ብኣፉ እንተ ጀሚሩ ኣይትበስልን እያ። ብመዓኮራ እንድሕር ጀሚራ ግን፡ ኣብኣ ከለና ኢና ንፈልጣ። ትምህርቲ ብዙሕ የብልናን፣ ሕጂ ግን እንሻላህ! ናብቲ ባህርያዊ ተመሊስና፡ ክኢላታት ብዝህቡና ዘለዉ ምኽሪ ክንከይድ ለበዋ ይህቡኹም፣ እዚ ወድሓንኩም።”

ኣቶ ሰዒድ ሑሴን'ውን ኣብ ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ ኣብ ሕጺት እዩ ዝነብር። ንዝረኸቦ ክኢላዊ ምኽርን ረብሓን ክገልጽ እንከሎ፡ “ክኢላታት ሚኒስትሪ ሕርሻ ብዝሃቡና መምርሒ፡ መሰረት ማይከዮ፡ ባህርያዊ ድኹዕን ባህርያዊ መድሃኒትን እናተጠቐምና፡ ካብ ኣራንሺ ጀሚርና ናብዚ ኮመደረ በጺሕና ኣሎና። ትምህርትን መምርሕን ረኺብና፡ ብኡ ተመሪሕና ኸኣ ውጽኢት ረኺብና። ናይ ኮመደረ ዘርኢ ተዋሂቡና፣ ብመምርሒን ኣልያን ክኢላታት ሚኒስትሪ ሕርሻ ተሓጊዝና ድማ ኣብዚ ፍረ በጺሕና። ኣብዚ ንዝበጽሑና ሓለፍትናን ክኢላታትን ከመስግኖም እፈቱ። ኣብ ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ ‘እቲ ናይ ቀደም ዘርኢ ብግቡእ ክምለስ ኣሎዎ’ ተባሂሉ ኣብ ባይታ ድማ ብግብሪ ርኢናዮ ኣለና። ኩሉ'ዚ ሕርሻ፡ ዝኾነ ከሚካል



ኣቶ ሰዒድ ሑሴን

ብዘይ ምጥቃም፡ ባህርያዊ ኣገባብ ዝፈረየ ምዃኑ ድማ ኣረጋጊጽና ኣለና።”

ካልእ ኣብ ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ ብሞያ ምክፍፋል ዘበርሕ ኣቶ ጠዓመ ተኽለ እዩ። ንሱ ይብል፡ “ኣብ ግዜ ትምህርቲ ምስ እተፈላለዩ ሓረስቶት እናተረዳዳእኩ፡ ካብ ፍርያቶም ናብ ኣስመራ፡ ብግዜ ሓጋይ ከኣ ካብ ኣስመራ ናብኦም ህዝቢ የከፋፍል። ቅድሚ 20 ዓመታት እዚ ቦታ በርበረ እዩ ዝፈርዮ ነይሩ። ኣብዚ 10 ዓመታት ግን፡ ብሰሪ ለውጢ ክሊማ ጠፊኡ። ንዕኡ ዋራሕ ዘይኮነ ድማ ዋላ ነዚ ኮመደረ'ውን ኣቋሪጽዎ'ዩ ጸኒሑ። ምኽንያቱ፡ ኣብ ተኽሊ ምስ በጽሐ ጸገማት ይመጽእ፣ ወላ'ውን መዳበርያን ካልእን እናገበርካ ብኽንደይ ክንክን ኣብ ፍረ እንተ ኣብጺሕካዮ፡ መቐረት ኣይነበሮን። ሕጂ ግን እዚ ሓረስታይ ምስ ቤ/ጽ ሕርሻ እናተረዳድኡ፡ ኣብዛ ናይ ዓሊ ግራት ኮመደረ ንፈተን ተባሂሉ ተፈቲኑ። እቲ ዝኣተወ ኮመደረ-ሮቶንዶ፡ ዛጊት ልዕሊ ኣርባዕተ እግሪ ናብ ዕዳጋ ወሪዱ። ህዝቢ ተላልዩዎን ኣደኒቑዎን ኣሎ፣ ጠለቡ ክበዝሕ ድማ ተስፋ ከም ዘሎዎም ይሕብር ኣቶ ጠዓመ ተኽለ።

“ኣብዚ ካብ ካልእ ዕዳጋ ዝመጽእ የለን፣ ወላ ብጥሪሑ ክትበልዖ ትኽእል



ኣቶ ጠዓመ ተኽለ

ኢኻ። ከምዚ ንርእዮ ዘለና፡ ጫፍ ናብ ጫፍ ክንዲ ቀመተይ ኮይኑ ሽባዕታ ኣይገበረን። እቲ ሓረስታይ ድማ ይተባባዕ እዩ፣ ንሃዲሕ ዓመታት ጠፊኡ ዝጸንሐ፡ ኣብዚ ከባቢ ጽቡቕ ኣብነት ኩይኑ ስለ ዝረኣና፡ ሓረስቶት ክተባብዑ ተሰፋ ኣገብር” ይዛዝም ኣቶ ጠዓመ።

ብውሁድ ባህርያዊ ሕርሻ ዝፈረየ ሕርሻዊ ፍርያት፡ ጥዑምን ዘሎዎን ውሕስነቱ ዝተረጋገጸን ስለ ዝኾነ፡ ኣብ እተፈላለየ ቦታታት ሃገርና ዝርከቡ ሓረስቶት ክተኣታትዎን ክሰርሕሉን ንላቦ።


***

## ቴክኖሎጂ ሕርሻ

### ፍሉይ ብልሓት ኣብ ምንካይ ምጽት ናርጊ

እስራኤላውያን ተመራመርቲ፡ ንብርቱዕ ምጽት ናይቲ ‘ናርጊ’ ተባሂሉ ዝፍለጥ ዓይነት ፍሩታ ንምልዛብ፡ ‘CRISPR’ ተባሂሉ ዝፍለጥ - ኣብ ዲ.ኤን.ኤይ ኣትክልቲ ምስትኽኻል (ኣርትዖት) ዝገብር ቴክኖሎጂ ከም እተጠቐሙ ኣፍሊጦም። “ምጽቱ ኣዝዩ ስለ ዝብርትዖም፡ ቁልዑ ብዙሕ ግዜ ንፍሩታ ናርጊ ኣይፈትዉዎን'ዮም።” ዝበሉ እቶም ሊቃውንቲ፡ ካብ ሕጂ ንንዮ ግን፡ ናርጊ ምጽቱ ክቕንስ ስለ ዝኾነ፡ ንምብልዑ እንተላይ ብቐልዑ ተባሂጊ ክኸውን ምዃኑ ኣረጋጊጾም። ብመሰረት እቶም ሊቃውንቲ፡ ኣብ ናርጊ ዝርከብ ብርቱዕ ምጽት፡ ምስ ከም ነሪንጊን፡ ኒዮስፔሪዲን፡ ፖንሲሪን ዝተባህሉ ውህደታት ምትእስሳር ኣሎዎ። እዚ ስለ ዝኾነ፡ እቶም ሊቃውንቲ፡ ነዚ ልዕል ኢሉ እተጠቕሰ ቴክኖሎጂ ተጠቒሞም፡ ምስ እቶም ሰለስተ ውህደታት ምትእስሳር ዘሎዎ ነዛዒ ክፊሪ ንዝገብር ጅን ፈልዮም ብምልማስ፡ መጠን ምጽት ናይቲ ፍሩታ ከም ዝነክ ገይሮምዎ ኣለዉ። ተኽሊ ናርጊ ክሳዕ ፍረ ምሃብ ዝጅምር ነዊሕ ዓመታት ዝጸንሕ ብምዃኑ ግን፡ እዚ ናይ ጅን ኣርትዖት ተገይርሉ ዘሎ ተኽሊ ዝሀቦ ፍረ፡ መቐረቱ ብልክዕ ኣይተገምገመን ዘሎ - ብመሰረት እቶም ተመራመርቲ። እንተኾኑ፡ እቶም ምስ ምጽት ምትእስሳር ዘሎዎም ሰለስተ ሕውስዋሳት፡ ኣብ ቆጽሊ እቲ ተኽሊ ህላወኦም ኣብቂዑ ምህላዉ ከረጋግጹ ስለ ዝኸኣሉ፡ መቐረት ናይ'ቲ ድሕሪ ነዊሕ ዓመታት ክህቦ ትጽቢት ዝግበረሉ ፍረ፡ ጥዑም ከም ዝኸውን ዘሞግትዉ ምኽኒያት ኣጋጢሙም። ናርጊ፡ ንኣራንሺ ዝመስል ሕብርን ቅርጽን ኣሎዎ ኲዩኑ፡ ምስ ፈለስ ንቢዙሕ ክሳዕ ፍረ ዝህብ፡ ካብ ሓሙሽተ ክሳዕ 15 ዓመታት ከም ዝወስደሉ ይሕበር።

ምንጪ፦ https://www.freshplaza.com/north-america/article/9812430/israeli-researchers-use-crispr-toreduce-grapefruit-bitterness/



ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኩሉ!

ብሚኒስትሪ ሕርሻ ዝዳሎ ዓምዲ - ለይ-ኣውት ግደይ ኢብራሂም ንሕቶን ርእይቶን በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከሱ ጨ/ህዝባዊ ርክባት- ቁ.ስልኪ 182225/ 08371501 - ቁ.ሳ.ፖ 1048

# መበል 50 ዓመት ዝኽሪ ቤ/ት/ሰውራ



















ዲዛይን - ታእዛዝ ኣብርሃ

ስእሊ- ክብሮም ጸሃየ
ኣብርሃም በየነ
ሄኖክ ተኸልገርግሽ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ኣስመራ

ይግባይ በዛሊት ሚካል ጸጋዩውሃንስ ተወልደ ብዘቕረብዎ ይግባይ፡ መዝገብ ደረአ ስለዝሎ፡ መ/ወሃብቲ ወረ/ኛ ሰለሙን ኣብርሃ +1 ዝኾኑ 1. ኣብርሃት ሰለሙን 2.መኣዛ ሰለሙን 3.መሓሪ ሰለሙን 4.ግደይ ሰለሙን 5.ኣልማዝ ሰለሙን ን7/10/2026 ኣብ 1ይ መጋባእያ ቁ.33 ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ቅረቡ። እንተዘይ ቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ወ/ሮ ሕገሽ ሞገስ ወልዱ፡ ብዓል ቤተይ ዘሙይ ተወልደመድህን ልጃም ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቂና ድማ ወረስቲ ምኻናም ደረጋጸሉም ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ከሳሲት ሰላም ተስፋይ፡ ተኸሳሲ ኀይትኣም ግርማይ ጺጋይ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን 6/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይ ቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ወ/ሮ ኤልሳ ተስፉ ገዲው፡ ብዓል ቤተይ ጸጋዩ ገብረገርግስ ዑቕባ ስለዝተሰወአ፡ ኣነ ምስ 2 ደቀይ ወረስቲ ምኻንና ደረጋጸልና ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሃይኮታ

ኣሚ መሓመድ እድሪስ ምባል ተረፉ፡ ኣሚ መሓመድህሰማን እድሪስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ምልክታ

ኣብ ከተማ ኣስመራ እትርከቡ ንግዳዊ ትካላት፡ ናይ ውልቅን ማሕበራትን ኩባንያታት፡ ከምኡ'ውን መንግስታዊ ትካላት፡ ብሚዛን መለክዒታት እትግልገሉ ወሃብቲ ሚዛናት ምስ ከሎታት ሊትሮታት፡ ሜትሮታት ኣውቶማቲክ ሚዛናት ወዘተ ኣብ ቤት ጽሕፈትና ትካል ደረጃታት ኤርትራ ድሕሪ ሲነማ ሮማ ጎረቤት ኢምባሲ ጥልያን ኣቕሪብኩም ከተመርምሩ ብትትና እናሓበርና፡ ኣብ ግዜኡ ኣቕሪብም ዝጸመርመሩ ግን ምምሕዳራዊ ስጉምቲ ክንወስድ ምዃንና ብተወሳኺ ንሕብር።

ብስም ፋጥማ ዓሊ ሳልሕ፡ ኣብ ምም/ ንኡስ ዞባ ገዛ ጣንዳ ፕሎት 13 ፓርሰል L ስፍሓት 500 ት/ሜ ብቑጽሪ ምዝገባ ንብረት ካዳስተር 1፡004418 ተመዝጊቡ ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ መንበሪ ገዛ ስለ ዝሸጥና፡ ናብ ስም ዓደግቲ 1. ወ/ሮ ሳሮን በረኸት ተወልደ 2. ወ/ሮ ፊሸን የማነ ሄኖረኣብ 3. ኣቶ ተስፋማርያም ዓንደ ሃብቶም ክተሓላለፍ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ሒዙ፡ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ካዳስተርን የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ከነፈጽም ምዃንና ንሕብር።

ፋጥማ ዓሊ ሳልሕ

ብስምና ዝተመዝገበ ኣብ ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ ቲራቮሎ ከባቢ ዊና ከተማ ኣስመራ ፕሎት 100 ፓርሰል F ዚፕ ኮድ 1A188 ጎደና ደቂሽሓይ ቁ.ገዛ 24 ዝርከብ፡ ስፍሓቱ፡ 477.99 ት/ሜ ቀንዲ ክፍሊ 8፡ ሓገዝቲ 4 ዘለዎ፡ ኣብ ቤ/ጽ ካዳስተር ቁ.ንብረት 1BRASM012145/1 28/7/2026 ብስምና ተመዝጊቡ ዝተረጋገጸ ገዛና ስለዝሸጥናዮ'ሞ ናብ ስም ዓዳጊ ክተሓላለፍ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስተርን ይቕረብ። ዝቃወም እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ክንፍጽም ምዃንና ንሕብር።

ሰላማዊት ኣብርሃም ሰገድ
ዘርኣዝጊ ኣብርሃም ሰገድ
ወኪል ኣሰፋው በርሀ

### NOTICE

Notice is hereby given to the public that Henan future vision intelligence industrial technology company Ltd is in the process of incorporating as branch company in Eritrea.

1. The office of the branch company in Asmara
2. The authorized capital of the company is 1,000,000.00 Yuan (One million Yuan)
3. The company is authorized to perform work of Mining business as per the Eritrean laws practice
4. Mr. Wang Yanchao is the General Manager of the company he is authorized to act on behalf of the company
5. The company is in the process of registering the branch company for unlimited time or until replaced by another form of a company or continuity of the work is not possible

Henan future vision intelligence industrial technology company Ltd Eritrean Branch.

### Notice

Notice is hereby given to the public that **Frenats Private Limited Company** is formed among the following members:-

| Name | Nationality | Address | Shares |
|---|---|---|---|
| 1. Mrs. Fireweyni Habte Tsegu | Eritrean | Asmara, Eritrea | 90 |
| 2. Miss. Fiyona Tedros Uqubamikael | Eritrean | Asmara, Eritrea | 10 |

3. The head office of the company shall be in Asmara, Eritrea. However, branch offices may be opened within the various regions of Eritrea.

4. The Company has a share capital of 500,000 (Five hundred thousand) Nakfa as par value of 5000 (Five thousand) Nakfa. All subscribed and fully paid up in cash.

5. Mrs. Fireweyni Habte Tsegu is appointed to be the manager of the company for unlimited period of time.

The business objectives of the Company shall be:-

A. Provide clearing and forwarding services;
B. Open and manage travel agency, tour services;
C. Provide car rent and car wash services;
D. Engage in import/export, wholesale and retail business;
E. Manufacture bakery,
F. Manufacture biscuits,
G. Manufacture pasta and macaroni,
H. Run and manage pastry, coffee shop, juice shop and snack bar,
I. Run and manage Grain mill, Salt mill, Shiro and Pepper mill,
J. Open gymnasium and provide various indoor sports,
K. Generally, the Company shall involve in all such other business activities as may appear to it incidental or conducive to the attainment of the above objectives or any of them.

**Frenats Private Limited Company**

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

**Eritrea-China Exploration and Mining Share Company**
Ararib Street, House No. 37 Kebabi maekel ketema, ; Tel. +291-1-200009; Asmara, Eritrea.

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Eritrea-China Exploration and Mining Share Company (ECEM) invites qualified applicants for the following posts:

**1, Position:** Electrical Foreman

Place of Work: Augaro
Starting Date: September
Salary: As per company scale
Contract type: Indefinite period
Number required: One (1)

**3, Position:** Driver (Light and Heavy vehicles)

Place of Work: Augaro/Asmara
Starting Date: September
Salary: As per company scale
Contract type: Indefinite period
Number required: One (1)

| | |
|---|---|
| **Position Overview** | The Site Driver is responsible for providing safe, reliable, and efficient transport services across the Augaro mining and exploration sites |
| **Key Responsibilities** | • Provide safe transportation for site staff, geologists, contractors, drill crews, and site visitors<br>• Transport core samples, geological gear, camp provisions, and hazardous materials (fuel, spare parts) following company transport protocols.<br>• Execute long-distance supply runs between the Augaro site and regional hubs or corporate offices in Asmara, Barentu, and other surrounding areas as scheduled.<br>• Safely operate 4x4 light vehicles (e.g., Toyota Hilux), medium supply trucks, or personnel buses across rough, unpaved terrain and seasonal dry riverbeds (wadis).<br>• Ensure assigned vehicles are kept clean, fueled, and mechanically sound; immediately report defects, wear, or service needed.<br>• Maintain detailed, accurate vehicle logbooks documenting journey purpose, mileage, fuel usage, and cargo manifests.<br>• Strictly observe company health and safety rules, site speed limits, seatbelt policies, and Standard Operating Procedures (SOPs).<br>• Verify that vehicles carry required safety and emergency equipment at all times (first-aid kits, fire extinguishers, spare tires, and jack. |
| **Qualifications** | • Education: Grade 10/12 completion certificate or equivalent technical/vocational training.<br>• Driver's License: Valid Eritrean Driving License (Grade 3/4 required; Grade 5 Heavy Duty License preferred).<br>• Experience: Minimum 3 to 5 years of professional driving experience, including at least 2 years in off-road/remote site operations<br>• Technical Proficiency: Demonstrated expertise operating manual 4x4 vehicles in complex, off-road terrain.<br>• Language Skills: Fluency in Tigrinya and/or Arabic (local knowledge of Gash-Barka region is highly advantageous); basic working knowledge of English to read signs, logs, and safety instructions. |
| **Personal Attributes** | • Ability to perform minor emergency repairs (changing flat tires, replacing belts/fuses, basic engine troubleshooting in remote areas).<br>• Proactive attitude toward risk reduction, defensive driving, and strict adherence to environmental/safety mandates.<br>• Ability to work extended hours in hot climatic environments and assist with manual loading/unloading of camp supplies and core samples.<br>• Strong discipline to ensure scheduled field movements and passenger transfers occur seamlessly. |

**Additional Requirement for Nationals:**

- Having fulfilled his/her National Service Obligation and provide evidence of release paper from Ministry of Defense
- Present clearance paper from current/last employer
- Testimonial documents to be attached (CV, experience credentials, copy of your National Identity card etc.)
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 5 days from the day of publication in the Newspaper.
- **Address: Please mail your applications to:**
  Mineral Resources Management
  P.O.Box- 272
- **Note to non-Eritrean applicants:**

Please send a copy of your application to Aliens Employment permit Affairs P.O.Box 7940 Asmara, Eritrea.

ሪፓርታዥ

# ኤግዚብሽን፡ ዝኽሪ ወርቃዊ ኢዮቤልዩ ምምስራት ቤት ትምህርቲ ሰውራ

ዓንዶም ግርማይ (ወዲ-ደረስ)
ስእሊ፦ ሳልሕ ዓብደልቃድር

'ዕዙዝ ዝኽሪ ንሓድሽ ወፍሪ ልምዓት ሃገር' ብዝብል ቴማ ንዝኽሪ ወርቃዊ ኢዮቤልዩ - መበል 50 ዓመት - ምምስራት ቤት ትምህርቲ ሰውራ ብልዑል ክብሪ ንምጽንባል ክቶዩድ ዝወርሐ ንጥፈታት ኣብ መፈጸምታኡ በጺሑ፣ ከም መኽፈቲ ናይቲ ክሳብ 25 መስከረም ንህዝቢ ክፉት ኮይኑ ዝቐጺ ምርኢት ኤግዚብሽን ኣብ ሰዓታት ንግሆ ሓሙስ 17 መስከረም 2026፡ ሰበስልጣን መንግስትን ግንባርን ዕድመ ዝተገብረሎም ኢጋይሽን ኣብ ዝተረኽበሉ፣ ሪቫን ብምቑራጽ ብወግዒ መጋረጃኡ ጋሊሁ ኣሎ።

ምርኢት ኤግዚብሽን ሓደ ካብ ቀንዲ መደባት ቅንያት ዝኽሪ ወርቃዊ ኢዮቤልዩ ምምስራት ቤት ትምህርቲ ሰውራ እዩ። ስለ ዝኾነ ኣብ መኽፈቲ ናይቲ መደብ ናይ ክብሪ ዕዱማት፡ ኮሚቲ ሱዳን ዜናን - ሳዕለዋይ ኮሚተን ኣባላት



ዞባ ማእከልን ዝርከቡዎ ብርክት ዝበለ ህዝቢ፣ ካብ ሰዓት 8:30 ጀሚሩ'ዩ ስእላዊ ምርኢት ናብ ዝተዳለወሉ ኣዳራሽ ዞባ ማእከል ክውሕዝ ጀሚሩ። ልክዕ 9፡20 ምስ ኮነ፡ ሚኒስተር ወጻኢ ጉዳያት ኤርትራ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ፣ ብናይ ክብሪ ዕዱማት ናይታ ዕለት፡ ኣቦ መንበር ኣወሃሃዲ ሽማግለ በዓላት፡ ኣኪያዲ ስራሕ ዞባ ማእከል፡ ኣቦ መንበር ኮሚቲ ባህልን ስፖርትን ዞባ ማእከል፡ ብዓብኡ ኸኣ ኣበየ ትካላት መንግስቲ ዝሰርሑ ተማሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ነበርን ካልኦትን ተመሪሖ ሪቫን ብምቑራጽ፡ ንወግዓዊ ምኽፋት ናይቲ ምርኢት ኣበሲሩ። ብድሕሪ'ዚ፡ ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ ኣብቲ ገፊሕ ኣዳራሽ ንምርኢት ተዘርጊሑም ዘለዉ ኣሳእል፡ ብዝምልከቶም ሙብርህን መግለጺን እናተዋህቦም ተዘዋዊሮም ተዓዚቦሞ።

ትሕዝቶ ናይቶም ኣብቲ ኣዳራሽ ንምርኢት ቀሪቦም ዘለዉ ደርፊ ስእሊን ቅብኣን - ንጥዕና፡ ምድላው ካሕከሉም ኣብ ቤት ትምህርቲ ሰውራ፣ ንጥፈታት ክለባት ተማሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰውራ፣ ኮረምታዊ ትምህርቲ ኣብ ክፍለታት ስርሓት ህዝባዊ ግንባር፡ ስሩኪት፡ ወፍሪ ምጥፋእ መሃይምነት፡ ትምህርቲን ኩናትን፣ ባህላዊ ጉስጓሳትን ትምህርትን፣ ዑደት ጉጅለ ባህሊ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ካብ 1983ን 85ን ንጥፈታትን ዕምምትን ማሕበራት ቀያሕቲ ዕንቡባ ትምህርቲ ዘመናዊ መዚቃ ኣብ በረኻ፣ መሰረት ሃገራዊ ወተሃደራዊ ማርሽን ባንድ፡ ደብዳብ ነፈርቲ ዓራርብ 1984ን ሳዕቤኑን፣ ንጥፈታት ያታውን ዘመናውን ስፖርት፡ ንጥፈታት ኣትሌቲክስ . . . ኮታ ንታሪኽ፡ ባህሊ፡ ማሕበራውን ቁጠባውን መዳብር ተማሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰውራን ህዝብናን ወዘተ ብዕምቈት ዘንጸባርቑ ኮይኖም ቀሪቦም ኣለው። ካብቶም ንምርኢት ቀሪቦም ዘለዉ ኣሳእል ገሊኦም፡ ፍርያት ድሕርን ቅድሚን ናጽነት ኮይኖም፡ ብህሉዋትን ስወኣትን ስነ-ጥበበኛታት ዝፈረዩ እዮም። ካርቱናት'ውን ከም ኢደ-ጥበብ ብዕምቈን ኣብቲ ምርኢት ተጠቓሊሉ ኣሎ። ብዘይካ'ዚ፡ ንምስክር ዝኣክል ደስቲ ኩስኩስቲ፡ ናውቲ መዚቃ፡ መንጸፈታት፡ ወዘተ. ኣካል ናይቲ ምርኢት ብምዃን ቀሪቦም ኣለው።

ቅንያት ዝኽሪ ወርቃዊ ኢዮቤልዩ ምምስራት ቤት ትምህርቲ ሰውራ 2026፡ ንምስንዳእ ብኮሚሽን ባህሊን ስፖርትን ካብ ዝቖሙ ኮሚተታት፡ ሽማግለ ዜናን ሱዳን ሓንቲ እያ። ምርኢት ኤግዚብሽን ሓደ ካብ ዕማማት ናይዛ ሽማግለ ኮይኑ፡ ኣብ ምድላው ናይዚ መደብ ዝበሩ ብልጫታትን ብደሃይታትን ሓጺር ሓበሬታ ክህቡና ንኣቦ መንበር ናይታ ኮሚቲ ኣቶ ቶምቦሳ ኣስመላሽ ተወኪስናዮ ነይርና።

ብመሰረት መግለጺ ኣቶ ቶምቦሳ፡ ቀንዲ ዕማም ናይዛ ሽማግለ ብዓብኡ፣ ንሚኒስትሪ ዜና ደጋፊ ሓበሬታታት ምሃብ ምዃኑን እቲ ብመልክዕ ደረቕ፡ ቅብኣ፡ ካርቱን ካርታን ካልእን ቀሪቡ ዘሎ ምርኢት ኤግዚብሽን ደሚርካ ክርአ ከሎ፡ ብዙሕን ንኹሉ መዳያዊ ህይወት ቤት ትምህርቲ ሰውራ ድማ፡ ዘንጸባርቕ ትሕዝቶ ዝሓቖፈን ምዃኑ ኣረዲኡ።

ብመሰረት ሓበሬታ ኣቶ ቶምቦሳ፡






ምንጪ ናይቶም ንቴማ ዝኽሪ ምምስራት ቤት ትምህርቲ ሰውራ፣ ሎም ዓመት ይበቕዑን ይገልጹን ተባሂሎም ንምርኢት ቀሪቦም ዘለዉ ደርፊ ኣሳእል ብቑጽሪ 260 እዮም። ንሶም ብቐንዱ ካብ ሚኒስትሪ ዜና ዝተረኽቡ ኮይኖም፡ ከም ተወሳኺ ካብ ሓይሊ ኣየርን ካልኦት ዝተፈላለዩ ትካላትን ዝተኣከቡ እዮም። ኣብ 76 ፍሬማት ተጠርኒፎም ድማ፡ ንምርኢት ቀሪቦም ኣለው። ብዘይካ እዚኦም፡ ብምትሕብባር ምስ ሃገራዊ ቤተ መዘክር ኤርትራ፣ ንውክልና ፍርያት ሙብዝሕትኦም ብህይወት ዘየለዉ መምህራንን ተማሃሮን ስነ-ጥበበኛታት ቤት ትምህርቲ ሰውራ ነበር ዝፈረዩ ስእልታት'ውን፡ ኣተኩሮ ተዋሂብዎም፡ 25 ዝተመርጹ ስእልታት ንምርኢት ቀሪቦም ኣለው። ካልእ፡ ንመዳብር፡ ላህጃታት፡ ዋዛታት፡ ወዘተ. ብሓፈሻኡ ንህይወት ቤት ትምህርቲ ሰውራ ብኸፊል እናዘኻኸሩ ዝገልጹ 26 ካርቱናት ከምኡ'ውን ኣቐዲሞም ብዝተፈላለዩ ስነ-ጥበበኛታት ዝፈረዩ ተዳልዮም ዝጸንሑ 9 ዓበይቲ ቅብኣታት፡ ኣካል ናይቲ ስእላዊ ኤግዚብሽን ብምዃን ንምርኢት ቀሪቦም ኣለው።

ብዘይካ እዚኦም ንብዙሒ ተማሃሮ ዝገልጽ፡ ስታትስቲካዊ ሓበሬታ ብመልክዕ ሰንጠረዥ ቀሪቦም ምህላዎም መግለጺ ኣቶ ቶምቦሳ ኣጺሩ። ካብዚ ሓሊፉ፡ ብምትሕብባር ቤት ጽሕፈት ካርታን ሓበሬታን ዝተዳለዋ ክልተ ካርታታት'ውን ንምርኢት ቀሪበን ኣለዋ። ካብዚአን ሓንቲ፡ ንምዝላቕ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ከምኡ እውን ንዘበረ ካብን ናብን ሽንክሎል ዝጠዝሑ ምንቅስቓሳን ዝዘርዝሕ ቦታን እተርኢ. ክትካውን እንኾሎ፣ እታ ካልኣይቲ ካብ ዓራርብ ተበጊሳ ላዕላይን ታሕታይን ጋሽ፡ ደቡብ፡ ምዕራብን ምብራቕን ክሳብ ምስ ትግራይ ዘዋስኑ ከባቢታትን ተዘርጊሓ ኣብ 1983 ጉስጓስ ኣንጻር መደብ ምጥፋእ መሃይምነት ዑደት ናይ ዘዐየደት ጉጅለ ባህሊ ቀያሕቲ ዕንቡባ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ሰፊዳ ቀሪባ ዘላ እያ። ዕድመ ዝጠዝሑ ካብቶም ኣብቲ ምርኢት ቀሪቦም ዘለዉ ኣሳእልን ቅብኣን ኣብ ግዜ ገድሊ ካብ 1976 ክሳብ ድሕሪ ናጽነት ኣብ ናጻ ኤርትራ ዝተኻየዱ ጽንብላት ዝኽሪታት ምምስራት ቤት ትምህርቲ ሰውራ መበል 20ን 25ን ዓመት ተጠቓሊሎም ንረኽቦም።

ኣብ ምድላው ናይዚ መደብ ብዙሕ ውረድ ደይብ ምንባሩ ዝጠቐሰ ኣቶ ቶምቦሳ፡ ህዝቢ ነዚ ንታሪኽን ምስሊን ቤት ትምህርቲ ሰውራ ብሓጺር ግን ከኣ ብዕምቈት ዘንጸባርቕ ትሕዝቶ ምርኢት ኤግዚብሽን ተገዲሱ ክዕዘቦን ብዕምቈት ከስተማቕሮን ጸዊዑ።

ገለ ካብ ተሳተፍቲ ናይ ምርኢት፡ ሰእሊም ኣካል ናይቲ ምርኢት ኮይኑ ምስ ጸንሖም፡ ዓመታት ድሕሪት ተመሊሶም ዝኽርታቶም ዘሐደሱ ኣይተሳእኑን። ሓንቲ ካብኣቶም ኣባል ቤት ትምህርቲ ሰውራ ነበር፡ ኣብዚ እዋን ከኣ ኣባል ምምሕዳር ዞባ ማእከል ዝኾኑት ጸሃይነሽ የውሃንስ እያ። ወ/ሮ ጸሃይነሽ፡ ኣብ 1978 ገና ኣብ ጫልቃዕ ዕድመኣ እያ ክትጋደል ካብ ኣስመራ ናብ ሜዳ ብምውጻእ ናብ ህዝባዊ ግንባር ተሰሊፋ። ኣብ'ቲ ምርኢት ከም ሰብ ዑደት እናኣቐደት እንከላ ድማ'ያ፡ ስእላ ዝሓቘፈት ፍሬም ገፍ ዝበለታ። ካብ ብዙሓት ፈለጥታ፡ ናይ 'እንቋዕ ኣብቅዓኪ' ሰላምታ እናተለገሰላ ድማ ረኺብናያ። ብርግጽ ብዝኽሪ ልዕሊ 40 ዓመት ንድሕሪት ተመሊሳ ናይ ንእስነት ዕድመኣ ንምስሳይ ኣብ ሓሳብ ጥሒላ ምንባራ ኣይሰሓትናዮን። ኣብ ከምዚ ኩነታት እንከላ ድማ ኢና፡ ፍቓደኛ እንተ ደኣ ኰይና ስምዒታ ከተካፍለና ከዘራርባ ከም እንደሊ ዝሓበርናያ። መርሓብ ምስ ኮነ መልሳ ድማ፡ እታ ስእሊ ናይ መጸዋን ኣበይን ምዃና ክትገልጸልና ተወኪስናያ።

"እዛ ስእሊ ኣብ ዓራርብ ዝተሰኣልክዋ'ያ። መዓስ ዓመት ንዝብል ግን ንጹር ዝኽሪ የብለይን። ሽዑ፡ ተማሃሪት 5ይ ክፍሊ ክኸውን ከም ዝኽእል እግምት። ካብዚ እዚ ዝዘክሮ የብለይን።




ወይዘሮ ጸሃይነሽ ዮውሃንስ

እንተኾኑ፡ ምስ ረኣኹዋ ሰንቢደ'የ። ልዕሊ 40 ዓመታት ንድሕሪት ናብ ናይ ንእስነት ዕድመይን ህይወት ቤት ትምህርቲ ሰውራን ስለ ዝመለሰትኒ - እምብዛ ደንጺዩኒ! ኢጋጣሚ ኮይኑ እቶም ኣብዛ ስእሊ ዘለና ብህይወት'ኳ እንተለና፡ ኑቶም ብህይወት ዘየለዉ ናይ መትከል ብጾተይን መተዓብይተይ ተማሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰውራን ዝተሓልፈ ምረት፡ ሃልኪ፡ ዕርቃን፡ ጥሜትን ጸምኢን ኣዘኻኺራትኒ። ገድሊ ሓሊፉ፣ ናጽነት ኮይኑ ዝ. ክርኢ ምብቅዐይ ዕድለኛ'የ፡" ብምባል ድማ፡ ንዝሓለፈ መሪርን ምቁርን ህይወት ገድሊ ምድፍናቕ ሓዊሳ ገሊጻትልና።

ወ/ሮ ጸሃይነሽ ኣብ መወዳእታ፡ ህልዋትን መጻእቲን ወለዶታት፡ እዚም ንምርኢት ቀሪቦም ዘለዉ በብዓይነቶም ኣሳእል፡ ታሪኽ ወጽኢት መሪር ቃልሲ ወለዶም ምዃናም ክፈልጥዎን ምርምር ብምክያድ ድማ ክሰንድዎን ግዴታኦም ዘልዕልሉ እዋን ሕጂ ምዃኑ ክምገዝቡ ከም ዝግባእ ብምትሕስሳብ ተፈልያትና።

ኣብቲ ኢጋጣሚ፡ ጉጅለ ባህሊ ቀያሕቲ ዕንቡባ ተማሃሮ ንኡስ ዞባ ጋሻፍሒ - ዞባ ማእከል፡ ንብረኻታት ሳሕል እዋን ቃልሲ ዘዘኻኽሩ ስነ-ጥበባዊ ምርኢት (መዛሙርን ደርፊታትን) ብምቕራብ ንተኻፈልቲ ናይቲ ምርኢት ኣዘናጊዖ። በዚ ድማ ሰዓት 9፡20 ሪቫን ብምቑራጽ ዝተኸፍተ በሪ ቅንያት ስእላዊ ምርኢት ኤግዚብሽን ዝኽሪ ወርቃዊ ኢዮቤልዩ ምምስራት ቤት ትምህርቲ ሰውራ 2026፡ ሰዓት 11፡30 ተዛዚሙ። ይኹን'ምበር፡ እቲ ሓሙስ 17 መስከረም



ኣቶ ቶምቦሳ ኣስመላሽ

ብስእላዊ ምርኢት መጋረጃኡ ዝኸፈተ ቅንያት ንዝኽሪ ወርቃዊ ኢዮቤልዩ ምምስራት ቤት ትምህርቲ ሰውራ፣ ስፖርታዊ ንጥፈታት፡ ካርኒቫል ህዝቢ፡ መደብ ኮንሰርት፡ ሰሚናር፡ ስነ-ጥበባዊ ምርኢት፡ ሰምፖዝዩም፡ ትረኻ ተማሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ነበር፡ መመረቕታ መጽሓፍ ዘጠቓልል ወግዓዊ ናይዚ መደብ ኣብ ኣስመራ ክቶዩድ ምዃኑን ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ዞባ ድማ ተመሳሳሊ መደብ ተሰሪዑ ምህላዉን በዚ መሰረት፡ 18 መስከረም - 13 ንኡሳን ዞባታት ዝሳተፉኦ ባህላዊ ካርኒቫል ዘጠቓልል ኮንሰርት ኣብ ጎደናታት ኣስመራ፣ 19 መስከረም ድማ ተራ ሓድግታት ቤት ትምህርቲ ሰውራ ኣብ ምኽሳኻስ ሃገራውነትን ትምህርቲ ህንጸት ሃገርን ዝብል ኣርእስታት፡ ሰሚናራት ኣብ ቀጽሪ ኤክስፖ፣ ኣብ ሲነማ ሮማ ድማ ባህላዊ መደብ ክቐርብ እዩ።

ንሓበሬታ ኣወሃሃድቲ ናይቲ መደብ ምርኩስ ብምግባር፡ ምርኢት ኤግዚብሽን ወርቃዊ ኢዮቤልዩ ምምስራት ቤት ትምህርቲ፡ ካብ 17 ክሳብ 25 መስከረም 2026፡ ካብ ንግሆ ሰዓት 9፡00 ክሳብ ፍርቂ መዓልቲ፡ ድሕሪ ቐትሪ ከኣ ካብ ሰዓት 2፡00 ክሳብ ምሸት ሰዓት 6፡00 ንኣጋይሽን ክፉት ኮይኑ ክቕጽል እዩ።

ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

# ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ፡ ኣብ ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ ዝለዓለ ነጥቢ ንዘመዝገቡ ተመሃሮ ኣተባቢዓ

ፍቱዋት ተማሃሮ፡ ሎሚ ዓመት ኣብ ዝተዋህበ ናይ 8ይ ክፍሊ መልቀቒ ፈተና - ማለት 'ጀነራል' ካብ ዝተኻፈሉ ተመሃሮ፡ እቶም 60 ሚእታዊት ከም ዝሓለፉ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተዘርጊሑ ነይሩ።

ንሕና ድማ ብደረጃ ሃገር ኑቶም ዝለዓለ ነጥቢ ዘምጽኡ ተመሃሮ፡ ካብ ዝኑብሩሉ ዞባታት ረኺብና ኣዘራሪብናዮም ኣለና።

ኣብዚ ዓመት እዚ ኣብ ዝተዋህበ ሃገራዊ መርመራ (ጀነራል) ዝለዓለ ነጥቢ ዝተመዝገበ 100% እዩ። ነዚ ነጥቢ እዚ ዘመዝገቡ ሰለስተ ተመሃሮ ኮይኖም፡ ሸውዓተ ተመሃሮ ድማ 99.6% ረኺቦም ኣለዉ። ብጠቕላላ ዓሰርተ ተመሃሮ ኮይኖም፡ ሸውዓተ ደቂ ኣንስትዮ (70%) ሰለስተ ድማ ደቂ ተባዕትዮ (30%) እዮም።

እዞም ዕዉታት፡ ሽዱሽተ ካብ ዞባ ማእከል (60%)፡ ክልተ ካብ ዞባ ደቡብ (20%)፡ ክልተ ካብ ዞባ ዓንሰባ (20%) እዮም። ነዞም ሃበርም ተመሃሮ እንቋዕ ኣሐጐሰኩም እናበልና ኣብ ዝቕጽል ናይ ትምህርቲ ግዜኦም ዓወት ንምኘ።

ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ፡ ብዕለት 17/09/2026 ነዞም ዕዉታት ንምትብባዕ መደብ ሰሪዓ ነይራ። እቲ መደብ፣ ዑደት ኣብ ሃገራዊ ቤተ-መዘክር ኤርትራ ከምኡ'ውን መደብ ምትብባዕ ኣብ ኣዳራሽ ሃኮሰኤ እዩ ነይሩ።

ኣብ ናይ ሎሚ ሕታምና፣ እዞም ዕዉታት ተመሃሮ ዘካየድዎ ዑደት እንታይ ከም ዝመስል ኣቕሪብናልኩም ኣለና፣ ሰናይ ንባብ።

ዕዉታት ተማሃሮ ምስ ወለዶም ኣብ ሃገራዊ ቤተ መዘክር ሰዓት ክልተን ፈረቓን ተረኺቦም። ኣባላት ቤተ መዘክር፡ ንተማሃሮ ብዛዕባ ሃገራዊ ቤተ መዘክር ሙብርሂ ንምሃብ ተዳልዮም ጸኒሖም። ኣብ ሃገራዊ ቤተ መዘክር ሽዱሽተ ክፍልታት ብምዝውዋር ድማ ሙብርሂ ተዋሂብዎም። ዕዉታት ተማሃሮ ብተመስጦ ብምዕዛብ ዘለዎም ሕቶታት ብምሕታት ንዝተዋህቦም ሙብርሂ ብጽሞና ተኸታቲሎም። ኵሎም'ዞም ዕዉታት ተማሃሮ ንፈለማ ግዜኦም ኣብ ሃገራዊ ቤተ መዘክር ይበጽሑ ብምንባሮም ኣዝዩ ከምዝሐጐሶም ገሊጾም።

ድሕሪ ናይ ክልተ ሰዓታት ትዕዝብቲ፡ ተመሃሮ ምስ ወለዶም ናብ ኣዳራሽ ሃኮሰኤ ኣምሪሖም።

ኣብ ኣዳራሽ ሃኮሰኤ መጀመርታ መምህር ያቆብ መርሃዊ (ኣዳላዊ ናይ'ዚ ዓምዲ) ዕላማ ናይዚ ምትብባዕን መልእኽትን ንተማሃሮ ሰፊሕ መግለጺ ሂቡ። መም/ ያቆብ ኣብ መግለጺኡ፡ ተመሃሮ ኣብ መጻኢ ህይወቶም ዕዉታት ንክኾኑ፡ ኣንበብቲ፡ መራሕቲ፡ ወሃብቲ፡ ሰብ ራኢን ክኾኑ ምዒዱ።



ብድሕሪኡ ተመሃሪት ዮሳን ቢንያም ኣብ 2024 ዕውትቲ ሃገራዊ መርመራ ዝነበረት፡ ዝተገብረሎም ምትብባዕ ኣዚዩ ከም ዝጠቐሞም ኣብ ትምህርቶም ድማ ዕዉታት ኮይኖም ንኽቕጽሉ ሓይሊ ከም ዝኾኖም ኣብ ዝሃበቶ መግለጺ ሓቢራ።

ድሕሪ ተመሃሪት ዮሳን መድረኽ ዝተረከበ፡ ኣቶ ሃብተ ኣብርሃ ካብ ከተማ ከረን እዩ። ንወለዲ ወኪሉ ኣብ ዘስመዮ ቃል፡ "ብመጀመርታ ዓምዲ ተርሙማ ኣብ ቁልዑ እትገብሮ ዘላ ጽልዋ ልዑል ምዃኑ ክገልጽ እፈቱ፡" ድሕሪ ምባል ቀጺሉ፡ ንተመሃሮ ዝግበር ምትብባዕ ኣብ ተመሃሮ ዘለዎ ጽልዋ ዓቢ ስለ ዝኾነ፡ ከምዚ ዓይነት መደብ ክቕጽል፡ ተመሃሮ ድማ እዚ ረኺቦሞ ዘለዉ ውጽኢት ንመጻኢ መሰረት ከም ዝኾነ ፈሊጦም ኣብ መጻኢ ብዝለዓለ ክጽዕሩ ተላብዩ።



ብድሕሪ እዚ ናይ ክብሪ ዕድምቲ ዶክተር ሰላም ኪዳነ (MD) መድረኽ ተረኪባ። ዶክተር ሰላም፡ ንተመሃሮን ወለድን እንቋዕ ኣሐጐሰኩም ድሕሪ ምባል፡ "...ዝግበሩ ምትብባዓት ንተማሃሮ ሓላፍነት ስለ ዘሰክሙ እዚ ሎሚ ተገይሩልኩም ዘሎ ናይ ምትብባዕ መደብ ካብዚ ዘለኹሞ ንላዕሊ ንኽትፍዑ፡ ጸለውቲ ኴንኩም ኣርኣያ ክትኮኑ እዩ። ንስኻትኩም ኣብዛ ዓመት ኣብ ሻምናይ ክፍሊ ካብ ዝተፈተኑ ዝነፋዕኩም ተማሃሮ ኢኹም። ኣብ መጻኢ ዝበለጽኩም ክትኮኑ ከምእትኽእሉ ከረጋግጸልኩም እደሊ። እዚ ዝኸውን ግን ተገዳስነትኩም ምስ ዝዓብን ብስነ ምግባር ምስ እትመላለሱን እዩ። መጻኢ ህይወትኩም ብንባብ ክትሐይልዎ ይግባእ፡" ብምባል ንዕዉታት ተማሃሮ ሓላፍነት ዘሰክም ለበዋ ኣመሓላሊፋ።

ኣብ መወዳእታ፡ ተመሃሮ ዝተዳለወሎም ሰርቲፍኬት፡ መጻሕፍቲ ከምኡ'ውን መዳልያ፡ ብቐድመ ተኸተል ካብ መም/ ዒሳም ሙኽታር፡ ኣቶ ቴድሮስ ሃይለን ዶክተር ሰላም ኪዳነን ተቐቢሎም። ተወሳኺ ናይ ምስጋና ምስክር ወረቐት ካብ ተመሃራይ ሰፊዲን ኣሕመድ ተቐቢሎም።





ሃገራዊ ቤተ መዘክር፡ ሃኮሰኤን ኣቶ ቴድሮስ ሃይለን ስለቲ ዝገበሩልና ምትሕብባርን ሓገዝን፣ ንወለዲ ድማ ካብ ዞባታት ደቡብን ዓንሰባን ንተማሃሮ ደቆም ናብ ኣስመራ ንምምጻእ ዝገበርዎ ተወፋይነት ኣዚና ነመስግን!

እቲ ኣስታት ኣርባዕተ ሰዓታት ዝወሰደ መደብ፣ ሰዓት 6፡30 ብሕጉስ መንፈስ ተዛዚሙ።

**ንዕዉታት ተማሃሮ ኣብ ምርካብ ዝተሓባበሩና፣**

- ንሓለፍቲ ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ ምስ ወከልቲ ዞባታት፡
- ርእሰ መምህራን ዕዉታት ኣብያተ ትምህርቲ፡ ልዑል ምስጋና!

ኣብ ዝቕጽል ሕታም ምስ ዕዉታት ተማሃሮ ዘካየድናዮ ሓጺር ዕላል ክቐርብ እዩ።

# ደቂ ኣንስትዮ

ሃማደኤ

## ኣደታት ቤት ትምህርቲ ሰውራ - መምህራን ግብርን ፍቕርን

ሚርያም ዮሴፍ

ትምህርቲ፡ መጻኢ ዕድልን ኣንፈትን ሕብረተሰባት ዝውስን ሓርነትን ዘላቒ መስርሕ ህንጻት ሃገርን ዘረጋግጽ መሰረታዊ ናይ ምዕባለ መሳርሒ እዩ። ስርዓተ ትምህርቲ፡ ብብቑዓት ክምራሕን ልዑል ውጽኢት ክሁብን እንተ ደኣ ኮይኑ ድማ፡ ናይቲ መስርሕ ዓንዲ ሕቖ ዝኾኑ፡ ንፖሊሲታትን ዕላማታትን ትምህርቲ ናብ ግብሪ ዝቕይሩን መምህራን ይደሊ። መምህራን፡ ፍልጠት ብምትሕልላፍ ጥራይ ዘይኮነ፡ ባህርን ኣእምሮን ወለዶታት ብምቕራጽ፡ ንሕብረተሰብ ናብ ዝለዓለ ናይ ፍልጠትን ስነ-ምግባርን ደረጃ ዘብጽሑ፡ ሃነደስትን መራሕትን እዮም። እዚ ሓቂ እዚ ኣብ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ፡ ኣብ ታሪኽ ብረታዊ ቃልስና ድማ ብፍላይ ረዚንን ሰብኣዊ ትርጉም ዝሓዘን እዩ ነይሩ።

ሎሚ፡ መበል 50 ዓመት ምምስራት ቤት ትምህርቲ ሰውራ ኣብ እንጽንበለሉ ዘሎና ታሪኻዊ ኣጋጣሚ፡ ንሕና ከም ሕብረተሰብ ኑቶም ኣብቲ ኣዝዩ ጽንኩርን ፈታኒን እዋን፡ ኣብ ትሕቲ ከቢድ ናይ ህላወ ሓደጋ፡ ምስ ቦምባታትን ነፈርትን እናተቓለሱ ህይወት ሕብረተሰብ ንምቕያር ዝሓለኑ ተጋደልቲ መምህራን፡ ብዓቢ ኣኽብሮትን ሓበንን እንዝክረሉ ዕለት እዩ።

ቤት ትምህርቲ ሰውራ፡ ሓደ ዝተፈልየ ናይ ቃልሲ መድረኽ እዩ ነይሩ። ኣብ ማእከል ቃልሲ ንናጽነት ዝተወልደ ካልእ ሰብ ናይ ምህናጽ ቃልሲ። ህዝባዊ ግንባር ደንቀርና ቀዳማይ ጸላኢና እዩ ብዝብል ጭርሑ፡ መስርሕ ቃልሲ ብብረት ጥራይ ዘይኮነ፡ ፍልጠት'ውን ዝጸዓየ ናይ ቃልሲ መሳርሒ ከም ዝኾነ ዓቢ ትምህርቲ ዝሀበ ውድብ እዩ ነይሩ። ብትምህርቲ ኣእምሮ ሰብ ምህናጽ ማለት፡ ንጸላኢ ቡቲ ዝረቀቐ ባህላውን ፍልስፍናውን መዳይ'ውን ከይተረፈ ምስዓር እዩ። ኣብ ማእከል ጽንኩር ሃዋህውን ስግኣት ሞትን ብምዃኑ፡ መስርሕ ትምህርቲ ምስልሳል ግን ልዑል ተወፋይነትን መስዋእትነትን ዝጠልብ ዕማም እዩ ነይሩ። ብቐንዱ ድማ እቲ ውድብ ንዘሎ ሰብኣዊ ባህሪ ዘንጸባርቕ እዩ።

ህዝባዊ ግንባር ኣብ ማእከል እቲ ህላወኡ ንምርግጋጽ ዘቐደ መሪር ናይ ቃልሲ እዋን፡ ህጻናት ግዳይ መስርሕ ኩናት ንኸይኮኑ ብምሕላን፡ ብርህራህን ሓልዮትን እናኾስኮሰ፡ ፍልጠትን ሃገራዊ ኣተሓሳስባን ከም ዘስርጹ ዝገበረ ውድብ እዩ። እዚ ራእይ እዚ፡ ኩናት ካብቲ ብዕንወት ጥራይ ዝልለ ባህርያቱ ሓሊፉ፡ ኣብ ማእከሉ'ውን ፍልጠትን መሃዘትን ዝኾስኮሰሉ ባይታ ምፍጣር ዝከኣል ምዃኑ መስከረ።

ህጻናት ኣብ እዋን ንእስነቶም ዝሓለፍዎ ተመክሮታት፡ ኣተዓብብያኦምን ዝበጽሑ ደረጃ ቅልዕነትን (exposure)፡ ኑቲ ደሓር ዘማዕብልዎ ባህርያትን መንነትን ቅርጺ ኣብ ምትሓዝ ዝጸዓየ ተራ ዝጸወተ እዩ። ኣተሓሳስባኦምን ባህርያቶምን፡ ኑቲ ዝጸበናሉ ድሕሪ ባይታን ዝኾስኮሶና ኩነታትን ክመስል'ውን ንቡር እዩ። እቲ ዘይንቡር ግን፡ እቲ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ፡ ኣብ ጽንኩር መድረኽ ዝተሰላሰለ መስርሕ ኣልያ ህጻናት፡ ኣብ መስርሕ ክፈጥሮ ዝኽእል ሰውራዊ መለለዩ ዘለዎ፡ 'ኩኑተ ኣእምሮ' እዩ። እዚ ባህርያትን ኣተሓሳስባታትን ኣብ ምህናጽ ዝተዋፈሩ ኣሊይትን መምህራንን ተጋደልቲ ዝተጻወትዎ ግደ ድማ፡ ተራ ስራሕ ከም ዘይነበረ ህያው ምስክር እዩ። ምእላይን ምዕባይን ህጻናት ኣይኮነንዶ ብእኩብ፡ እሞ ድማ ኣብ ማእከል ዕጥቃዊ ቃልሲ፡ ኩሉ ዘመናዊ መሳለጥያ ኣብ ዝተማልኣሉ ስድራቤት እኳ፡ ሓያል ኩኑተ ኣእምሮ ዘውንን ህጻን ምኹስኳስ ዝኸበደ ዕማም እዩ። ህዝባዊ ግንባር ኣንጻር እቲ ብኹሉ ሓይልታት ዝድገፍ ዝነበረ ጸላኢ እናመከተ፡ ንስድራ ተኪኡ ህጻናት ዘዕበየን ዝናበየን ውድብ ምንባሩ ድማ ትእንግርቲ እዩ። ኑቶም ኣብ ሕቑፎኡ ዝዓበዩ ህጻናት፡ ከይሰልከዩ ብሃገራዊ ኣተሓሳስባ ክሃንጽ ዝመስረቶ ቃልሲ ድማ ፍረኡ ኣብዚ ዝሓለፈ ፍርቂ ዘመን ተንጸባሪቑ እዩ።

ኣልያ ህጻናት፡ ቡቶም ንጸላኢ ኣብ ዓውደ ኩናት ገጢሞም፡ ንህዝቢ ኤርትራ ካብ መግዛእቲ ሓራ ንምግባር ናብ ሜዳ ኤርትራ ዝተሰለፉ ተጋደልቲ እዩ ዝላቐድ ነይሩ። መምህራን ክኾኑ ናብ ሜዳ ዝተሰለፉ ኣይነበሩን። ህዝባዊ ግንባር ዕጥቃዊ ቃልሲ ጥራይ ዘካይድ ውድብ ብዘይምንባሩ ግን፡ ኣብ ዝተፈላለየ ክፍልታት ናይቲ ውድብ ንዝነበረ ዕማማት ንምስልሳል ኣብ ዝተመደቡሉ ቦታ ብትግሃትን ልዑል መስዋእትን ብዚቃለሱ ተጋደልቲ እዩ ብቑዓቱ ዘበርኸ። መምህራን ቤት ትምህርቲ ሰውራ ድማ፡ ድርቡ ቃልሲ ዘካይዱ ዝነበሩ ተጋደልቲ እዮም ነይሮም። ኩሎም ኣብ ልቢ ተመሃሮኦም ብዘይደፍዎ ኣሰር ዝዘከሩ ናይ ግብሪ መምህራን እኳ እንተኾኑ፡ ደቂ ኣንስትዮ መምህራንን ኣሊይትን ድማ ሕልፍ ዝበለ ተራ ዝነበረን እዮን።

ኣብ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ዝነበረ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ካብቲ ኣብ ትሕቲ ንቡር ኩነታትን ንቡር ናይ ትምህርቲ ትሕተ ቅርጺን ዝወሃብ ትምህርቲ ዝተፈለየ ምንባሩ ፍሉጥ እዩ። ኣብቲ እዋን'ቲ ዝነበራ ኣሊይትን መምህራንን ደቂ ኣንስትዮ ተጋደልቲ ድማ ፍልጠት ዝምጥዋ መምህራን ጥራይ ዘይኮና፡ ኑቲ ዘይንቡር ኩነታት ዝምጥን፡ ልዑል ፍቕሪ ዝልግሳ ዝነበራ ኣደታት ገድሊ እየን።

ብዙሓት ካብ'ቶም ኣብ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ዝመሃሩ ዝነበሩ ህጻናት፡ ወለዶም ኣብ ቅድመ ግንባራት ዝተሰለፉ ተጋደልትን ደቂ ስዉኣትን፡ ወይ'ውን ኣብ ዓድታቶም ግዳያት ኩናት ኮይኖም ወለዶም ዝሰኣኑ እዮም ነይሮም። ኑቶም ፍቕሪ ወላዲ ዘይጸገቡ ህጻናት ከም ውሉዳተን ዝኣለያ ተጋደልቲ ደቂ ኣንስትዮ ግን፡ ንቦታ ወለዲ ተኪአን፡ ካብ ናይ ዝኾነትምና ስምዒት ወጺኦም ክዓብዩ ዘይሕለል ጻዕሪ ኣካይደን እየን። ህጻናት ዝድልዮም መሰረታዊ ክንክን ብምግባር፡ መገቦም እናኣዳለዋ፡ ኑብሶም እናሓጸባ፡ ኣብ ግዜ ሕማሞም ልዑል ሓልዮት እናለገሳ፡ ልዕሊ ኩሉ ድማ ብስነ ምግባር ዝተኾስኮሱ ሓላፍነታውያን ዜጋታት ከፍርያ በቒዐን እየን። ክንዮ እቲ ኣብ ትሕቲ ጽላላት ብምዃን ዝሰላሰል ዝነበረ መስርሕ ትምህርቲ፡ ካብ መምህራንን ኣሊይትን ቤት ትምህርቲ ሰውራ ዝተቐሰመ ግብራዊ ትምህርቲ'ውን መዘና ኣይነበሮም። ኣብ ባህርያት ተመሃሮ ዝተሃንጸ ሓባራዊ ኣተሓሳስባን ኣብ ሰውራ ዝተኾስኮሰ ልዑል ስነ ምግባርን ድማ፡ መርኣያ ናይቲ ሓያል ጻዕሪ ዝሓተተ ናይ ኣልያ ስራሕ እዩ።

ሃገራዊ ኣተሓሳስባ'ውን ሓደ ካብቲ ኣብዚ ቤት ትምህርቲ ዝተኾስኮሰ ባህርያት ወይ ክብርታት ቤት ትምህርቲ ሰውራ እዩ ነይሩ። እቶም ካብ ዝተፈላለየ ክፋላት ናይዛ ሃገር ኣብ ስንጭሮታት ሳሕል ዝተኣከቡ ኣሽሓት ህጻናት ኣብ ሓደ ናይ ሓባር መንነትን መረዳእታን ንኽርዕሙ፡ ቀሊል ስራሕ ከም ዘይተሓለፈ ርዱእ'ዩ። ቤት ትምህርቲ ሰውራ፡ ቡቶም ኣብ ሜዳ ዝተወልዱን ካብ ዓድታቶም ናብራ ወይ ልምድታት ሕብረተሰብ ፈሊጦም ዝመጽኡን ህጻናት ይቐውም ስለ ዝነበረ፡ ንኹሉ እቲ ዝነበረ ፍልልያት ኣብ ሓደ ከም ዝሰምር ዝገበረ ውድብ እዩ።

ቤት ትምህርቲ ሰውራ እምበኣር፡ ኑቲ ከምዚ ዝኣመሰለ ካብ ዝተፈላለየ ድሕረ ባይታ ዝተኣከቡ፡ ባህርያት ናብ ሓደ ሃገራዊ ንቕሓት ንምዕባይ፡ ካብቲ ንዓይ ወይ ኣነ ዝብል ውልቃዊ ኣተሓሳስባ ብምውጻእ፡ ሓባራዊ መንፈስ፡ ሓባራዊ ኣተሓሳስባን ክብርታትን ከም ዝሰርጽ ብምግባር "ናይ ቤት ትምህርትና"፡ "ናይ ውድብና"፡ "ሓፋሽ ህዝብና"፡ "ዓወትና"፡ "ቃልስና" ዝብሉ ህጻናት ዘፍረየ።

በዚ ኣተሓሳስባ እዚ ድማ፡ ተመሃሮ ኣብ ነንሕድሕዶም ዝነበሮም ሓልዮትን ምድግጋፍን ክዓቢ፡ ኣብ ትምህርቲ ኮነ ማሕበራዊ ንጥፈታት ንዘድሊ ብዱቶም ምሕጋዝን ምትብባዕን ዘይናትካ ዘይምድላይ፡ ሓልዮት ኣብ ልዕሊ ውድብ ምንጽብራቕ፡ ጌጋታት ኣብ ዝረኣየሉ እዋን ድማ ከይብሉኒ ካብ ዝብል ስክፍታ ሓራ ብምዃን ተብዕ ምንቃፍን ምእራምን፡ ዝ. ናይ ሓባር መንነት፡ ሂወት ካብ ዘልበስዎ ባህርያት እዮም።

ካብዚ ባህሊ ዝበገሰ ከይኮነ ኣይተርፍን፡ ኣብ ከባቢና እንፈልጦም ተመሃሮ ናይዚ ቤት ትምህርቲ ነበር፡ ኣዝዩ ዝተፈልየ ባህሪ ዘለዎም። ዝበዝሐ እዋናት፡ ተረርቲ፡ ኣብ ዝኣመኑሉ ሓቅታት ደፋራት፡ ልዑል ርእሰ ምትእምማን ዘለዎም፡ ማዕረ ማዕረኡ ድማ ሕጂ ኣብ ብርክት ዝበለ ሞያታት ተራ ብዘይኮነ ማለት ብልዑል ብቕዓት ዝጻዩ ዘለዉ እዮም። እዚ፡ ካብቲ ተራ ባህልን ልምድን ናይቲ መላእ ሕብረተሰብ ወጻኢ ኣሉ፡ ኣብ በረኻ፡ ኣብ ጽንኩር ናይ ሰውራ መድረኽ ዝተኾስኮሰ ባህሪ እዩ። እዚ ብጽኑዕ ውሽጣዊ እምነት ጥራይ ዝተደረኸ ልዑል ሰብ ናይ ምህናጽ ወፍሪ ኣብ ናይ ድሕሪ ናጽነት ተመክሮና'ውን ብዘለዓለ መንፈስ ክውረስ ዘለዎ ባህሊ እዩ።

ሞያ ምምህርና ርእሲ ኩሎም ሞያታት እዩ። ዜጋታት ከጥርይዎ ዝለዎም ናይ ምሕሳብን ምምርማርን ዓቕሚ ዝቕልስ ኣካል'ውን እዩ። ንሞያ ምምህርና ዝለዓለ ክብሪ ዝሁብ ሕብረተሰብ ድማ፡ መርኣያ ዘለዎ ደረጃ ንቕሓትን ስልጣነን እዩ። ቀንዲ ዕግበት ናይዚ ሞያ ኣብቲ ዘለዎ ፕዝባዊ ረብሓ ዘይኮነ፡ ካብ ኣእምሮኣውን መንፈሳውን ዕጋበት ዝርከብ ረብሓ ዝያዳ ሚዛንን ክብርን ኣለዎ። ዝኽሪ መበል 50 ዓመት ምምስራት ቤት ትምህርቲ ሰውራ፡ ክንዮ ዝኽሪ ዝኸይድ ንመንእሰያት መምህራን ብሓፈሻ፡ ንደቂ ኣንስትዮ መምህራን ከኣ ብፍላይ ዘመሓላልፎ ዓቢ መልእኽቲ ኣለዎ። እተን ኣብ ማእከል ቃልሲ ብዘይ እኹል መሳለጥያታት፡ ብጽንዓትን ፍቕርን ከስኩሰን ወለዶታት ዘፍጸላ ተጋደልቲ መምህራንን ኣሊይትን፡ ዝበን ሕጂ ዘለና መምህራን ደቂ ኣንስትዮ፡ ዓቢ ናይ ግብሪ ኣብነትን እየን።

ደቂ ኣንስትዮ ባህርያዊ ኣፈጣጥራና ዝዓደለና ርህራህ፡ ሓልዮት፡ ፍቕሪ ናይ ምልጋስ ባህርያት ንውንን ምዃንና ከም ዓቢ ጸጋ ዝውሰድ እዩ። እዚ ባህርያት እዚ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ መምህራን ክንጸባረቕ ከሎ ድማ፡ ንስርዓተ ትምህርቲ ብዘለዓለ ደረጃ ውጽኢታዊ ኣብ ምግባር ልዑል ተራ ክንጻወት የኽእለና። ህጻናት ናብ ኣብያተ ትምህርቲ ኣብ ዝኸዱሉ እዋን፡ ቤት ትምህርቲ ከም ካልኣይቲ ቤቶም፡ መምህራን ድማ ከም ወለዶም ብምዃን ውሕስነትን ፍቕርን ክስምዖም ኣለዎ። ደቂ ኣንስትዮ መምህራን ኑቲ ዘለወን ናይ ኣደን ሓፍትን ባህርያት ምስቲ ሞያዊ ክእለተን ብምውህሃድ ምስ ዝዓያሉ ድማ፡ ትምህርቲ ዝያዳ ውጽኢትን ትርጉምን ይህልዎ። ንህጻናት ክንዮ ኣብ ክፍሊ ዝወሃብ ትምህርቲ፡ ብሓያል ስነ ምግባር ክኾስኮሱ፡ ልዑል ርእሰ ተኣማንነት ከጥርዩ፡ ፍቕሪ ትምህርቲ ክሕድሩ፡ ኣብ መንጎ መምህራንን ተመሃሮን ጥዑና ዘለዎ ናይ ምብህሃል ባህሊ ከማዕብሉ ሓያል ስራሕ ይሓተና።

ዝኽሪ 50 ዓመት ምምስራት ቤት ትምህርቲ ሰውራ እምበኣር፡ ኑቲ ኣብ ማእከል መሪር ቃልሲ ዝተጠርየ፡ ልዑል ብቕዓትን ሰብኣውነትን ዝተንጸባረቐሉ ናይ ትምህርቲ ተመክሮ ናብ ወለዶታት ንምስግጋር እዩ። እተን ከም ኣካል ቃልሰን ሓሰበን፡ ተመሃሮ ዘፍረያ፡ ተራ ናይ ኣደ፡ መምህርን ኣሊይትን ኣጣሚረን ዝተቓለሳ ተጋደልቲ ድማ፡ ኣብ ቃልስና ብሓፈሻ ኣብ ጉዕዞ ትምህርቲ ሃገርና ከኣ ብፍላይ ዘይሃስስ ኣሰር ኣንቢረን እየን። ሎሚ ዘለና ደቂ ኣንስትዮ መምህራን፡ ነዚ ታሪኻዊ ወርሻ ከም ዓቢ ተመክሮ ብምውሳድ፡ ናይ ኣደ ፍቕርን ሞያዊ ብቕዓትን ብምጥማር፡ ንመጻኢት ኤርትራ ዝበቕዑ፡ ብፍልጠትን ስነ ምግባርን ዝተሃንጹ ዜጋታት ኣብ ምፍራይ ሃገራዊ እጃምና ክነዕዝዝ እንሕተተሉ ዘለና ኣጋጣሚ እዩ።



# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር


## ኢንፋንቲኖ፡ ንኣልታሕሪር ‘ዮሃና’ ኢሉዋ

ፕረዚንደት ኮንፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ዓለም ማለት ፊፋ ዝኾነ - ጂያኒ ኢንፋንቲኖ፡ ሻምፕዮን ክለባት ደቂ ተባዕትዮ ኤርትራ 2026 ናብ ዝኾነት ጋንታ ኣልታሕሪር፡ ናይ የሃና መልእኽቲ ሰዲዱ።

ንሱ፡ ኣብቲ ብ16 መስከረም ብመገዲ ፕረዚደንት ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ ኣቶ ጳውሎስ ወልደሃይማኖት ኣብሉ ዝሰደዶ መልእኽቲ፡ “ናይዚ ወቕቲ ጻዕርኹም፡ ዋጋ ረኺብኩምሉ፣ እዛ ኣገዳሲት ጸዋእ ድማ ተዓዊትኩም። ንኹሉ ኣባል ናይዛ ጋንታን ነዛ ዓቢ ዓወት ዝተጎናጸፈት ክለብን እንቋዕ ኣሐጎሰኩም።” ኢሉ።

ብዘይካዚ፡ እዚ ሰዉዘርላንዳዊ ሃገራዊ ፈደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ፡ ንኩዕሶ እግሪ ናይዛ ሃገር ንምዕባይ ንዘኻብሮ ዘሎ ስራሕ ኣማስጊኑ።

4 መስከረም ኣብ ከረን ሻምፕዮን ክለባት 2026’ ዝኾነት ኣልታሕሪርውን ንመልእኽቲ ኢንፋንቲኖ ተቐቢላን ኣማስጊናን።


PRESIDENT

FIFA

Mr Paulos Weldehaimanot Andemariam
President
Eritrean National Football Federation

Zurich, 16 September 2026

**Congratulations to FC Al-Tahrir**

Dear President,

By means of this letter, I am pleased to congratulate the recently crowned champions of Eritrea, FC Al-Tahrir!

Their constant efforts and results throughout the season have paid off, resulting in this important title. Congratulations to each and every member of the team and of the club for this great achievement.

While thanking you and your Association for your continuous support, work, and dedication for the development of football in your country, I look forward, dear President, to seeing you again soon.

Yours in football,

Gianni Infantino

## ሮናልዶ ተመሪጹ

ጉዱም ተጻዋታይ ኩዕሶ እግሪ - ክሪስቲያኖ ሮናልዶ፡ ብሓዱሽ ዓሰልጣኒ ሃገራዊት ጋንታ ፖርቱጋል - ጆርጅ ጀሰስ፡ ኣብዚ ሰሙንቲ ንዝቕጽል ኣህጉራዊ ግጥማት ክጻወት ተመሪጹ።

ሮናልዶ ድሕሪቲ ዝሓለፈ ወርሒ ሓምለ ኣብ ዋንጫ ዓለም 2026 ካብ ዙር 16 ብሰዓብ ምውጽኦም፡ ኣብ ኣህጉራዊ ግጥማት ክቕጽል ዲዩ ወላስ ጥሮታ ክወጽእ ካብ ምንጋር ተሓሪቡ ጸኒሑ። ኣብ ምልክት ሕቶ ዝጸንሐ ጉዳይ ድማ፡ ድሕሪቲ ትማሊ ዓርቢ ወጥዓዊ ዝኾነ 25 ተጻወትቲ እታ ኤውሮጳዊት ሃገር ተመሊሱ ኣሎ።

ኣብ ወርሒ ሓምለ ንሮበርቶ ማርቲነዝ ተኪኡ መዘኡት ምዕሳም ፖርቱጋል ዝተቐበለ ጀሰስ፡ “ሮናልዶ ኣብ ጸወታ ክሰብ ዝዘለወ ክመርጾ እዩ።” ክብል ብኢጋኡ ኣፍሊጡ ነይሩ። እዚ ፖርቱጋላዊ ዝሓለፈ ዓመት “ንሮናልዶ ዋንጫ ሰዑዲ ዓረብ ክዓትር ክሕግዞ እዩ።” ብምባል ንኣል-ናስር ምስ ተቐበለ ከም ቃሉ ጸዊኡ ሊግ ኣዕቲሩ ከምዝሓደጋ ይዝከር።

ፖርቱጋል፡ 24 መስከረም ኣብ ጸወታ ኔሽንስ ሊግ፡ ንቼልስ ምስ ዓደመታ፡ ድሕሪ ሰለስተ መዓልታት፡ ናብ ኖርወይ፣ 1 ጥቅምቲ ከኣ ናብ ደንማርክ ተጋዒዛ ክትጻወት እያ።

እዚ ከምዚ’ሉ እንከሎ፡ ናይ ኩሉ ግዜ መውዳድርቲ ሮናልዶ ዝኾነን ዝሓለፈ ወርሒ ካብ ኣህጉራዊ ግጥማት ጥሮታ ዝወጸን ኣርጀንቲናዊ - ሊዮኔል ሜሲ፡ 6 ጥቅምቲ ናብ መፋነዊ ጸወታ ኣንጻር ቬኒ ኣብ ርእሲ ከተማ ሃገሩ ቦኣስ ኣየር ክጻወት ምዃኑ ተሓቢሩ።





## ግምታት ክሪስ ስቱንን ኮምፑተርን ኣብ ሓሙሻይ ሰሙን ግጥማት ፕሪመር ሊግ

| | ቶተንሃም - ኣስቶን ቪላ | ብራይተን - ኣርሰናል | ኤቨርተን - ኢፕስዊች |
|---|---|---|---|
| ስቱን፡ | 1 - 2 | 1 - 2 | 1 - 0 |
| ኮምፕዩተር፡ | 2 - 1 | 1 - 2 | 2 - 1 |
| | ኒውካስል - ሃል ሲቲ | ኖቲንግሃም - ኮቨንትሪ | ቦርንማውዝ - ሊቨርፑል |
| ስቱን፡ | 1 - 1 | 2 - 0 | 1 - 1 |
| ኮምፕዩተር፡ | 3 - 0 | 2 - 0 | 1 - 3 |
| | ሊድስ - ክሪስታል ፓላስ | ማን ሲቲ - ሳንደርላንድ | ፉልሃም - ማን ዩናይትድ |
| ስቱን፡ | 2 - 0 | 2 - 1 | 2 - 2 |
| ኮምፕዩተር፡ | 1 - 1 | 4 - 0 | 1 - 2 |

## ቱቸል፡ ንፓልመርን ኣርኖልድን መሪጽዎም

ዓሰልጣኒ ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ - ቶማስ ቱቸል፡ ኑቶም ኣብ ዋንጫ ዓለም 2026 ዘይመረጾም ኮል ፓልመርን ኣሌክሳንደር ኣርኖልድን፡ ኣብዚ ሰሙንቲ ኣብ ዘካይድዎ ኣህጉራዊ ግጥማት መሪጽዎም።

“እቲ ማዕጾ ኩሉ ግዜ ክፉት እዩ” ዝበለ ቱቸል፡ ብሉጻት ብቕዓት ከንጸባርቑ ከምዘለዎም ግና፡ መጠንቀቕታ ኣሕሊፉ።

ቅድሚ ዋንጫ ዓለም ንሃገሮም፡ ብቐደም ተኸተል 14ን 34ን ግጥማት ዝወከሉዋ ፓልመርን ኣርኖልድን፡ ኣብዚ ወቕቲ ምስ ክለቦም ቸልሲን ሪያል ማድሪድን ብጽቡቕ ተበጊሶም ምህላዎም ገሊጹ - ቱቸል።

ንሱ፡ “ብፍጹም ሕማቕ ሃገር ኣይገበሩን፣ ጥራይ ዝተፈልዩ ተጻወትቲ ኢና መሪጽና። ኣብዚ እዋን ግና፡ ሓዱሽ ውድድር እዩ፣ ገለ ተጻወትቲ ብምህረምቲ ተኣልዮም ኣለዉ። ስለዚ ግዜኦም እዩ፣ ዓቕሞም ከርእዩ ኣለዎም።” ኢሉ።

ንኣከፋፋሊ ቦርንማውዝ - ኣሌክስ ስኮትን ኣጥቃዓይ ሊቨርፑል ሪዮ ንጉህማን’ውን ኣካቲታ ዘላ እንግሊዝ፡ 26 መስከረም ንሰዕዳ ክትዕድማ እያ፣ 29 መስከረምን 3 ጥቅምቲን ከኣ ናብ ቸክ ሪፓብሊክን ክሮኤሽያን ተጓዒዛ ናይ ምድላው ጸወታ ኔሽንስ ሊግ ከተካይድ እያ።

## ኣባላት ሃገራዊት ጋንታ ኵዕሶ እግሪ ኤርትራ

ሃገራዊት ጋንታ ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ ናይ ዓበይቲ ደቂ ተባዕትዮ፡ ኣብ መጻረዪ ግጥማት ዋንጫ ኣፍሪቃ 2027 ዝወክልዋ ተጻወትቲ ምምራጻ ይፍለጥ።

እዞም ሰለስተ ናይ ወሽጢ ሃገር ዝርከብዎም 30 ተጻወትቲ ዝመረጸት ጋንታ፡ ሰለስተ ሓለውቲ ልዳት፡ ትሽዓተ ተኸላኸልቲ፡ ሸውዓተ ኣከፋፈልቲ ከምኡ’ውን 11 ኣጥቃዕቲ ሒዛ እያ ዘላ።

ሓለውቲ ልዳት፣ ማሊክ ዓብዱራሕማን፡ ዮኤል ክብረኣብን ዮናታን ሱልጣንን

ተኸላኸልቲ፣ ዮናስ እድሪስ፡ ጀሚል ዓሊ፡ ሄኖስ ኣስመላሽ፡ ዮሴፍ ምስግና፡ ሜዜየ ቦርስ፡ ሙሴ በራኺ፡ ኒምሩድ እምባዬ፡ ቪክቶር ፎርሰን ዮናታን ሰለሙን

ኣከፋፈልቲ፡ ዓብለሎም ተኽለዝጊ (ሓለቓ ጋንታ)፡ ናህም ታደሰ፡ ናህም ኑታባይ፡ ተስፋልደት ተኪኡ፡ ዮኤል ገረዝጊሄር፡ ዮኤል ዩልማን የናኤል የናስን

ኣጥቃዕቲ፡ ዓሊ ሱሌማን፡ ሮሚል ዓብዱ፡ ዓውድ ኢሳቕ፡ ዓወት ኣለምሰገድ፡ ኢስሮም የውሃንስ፡ ፋሂሚ ኢብራሂም፡ ፊልሞን ገረዝጊሄር፡ ሚጁል ሉንድግሬን፡ ናቢል ጉብረዝጊ፡ ኢሊሸር ህንጻን ሴም እዮብን

ካብዞም ኣባላት፡ ዓብለሎም ተኽለዝጊ፡ ናህም ታደሰን ሮሚል ዓብዱን ምስታ ንኢያዋቲኣ ዝተዓረት ሃገራዊት ጋንታ ዝበኡ ናይ ወሽጢ ሃገር ተጻወትቲ እዮም።

ብጉጅለዊ ዓላማ ሓሻም ያባን እትዕለም ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ፡ ቀዳም 26 መስከረም ኣብ ከተማ ናይሮቢ ምስ ሃገራዊት ጋንታ ኬንያ፡ ቀዳማይ ጸወታኣ ከተካይድ እያ። 30 መስከረም ድማ፡ ከም ናታ ሜዳ ኣብ ዝሕሰብ ኣብ ግብጺ ከተማ ካይሮ፡ ንደቡብ ኣፍሪቃ ክትዕድማ እያ።

**ጽቡቕ ዕድል ንኣምሓ ቀይሕ ባሕሪ!**

## “ባሎን ዲ’ኦር ትግበኣኒ እያ” ያማል




ብሉጽ ተጻዋታይ ባርሴሎና - ላሚን ያማል፡ ናይ 2026 ሽልማት ባሎን ዲ’ኦር ከምእትግበኦ ገሊጹ።

ምስ ክለቡ ባርሴሎና ዕወት ላ’ሊጋ ምስ ሃገሩ ስጳኛ ዋንጫ ዓለም 2026 ዘልዓለ ያማል፡ ነዛ ውልቃዊት ሽልማት ክዕወታ ካብ ዝተገመቱ ሓደ እዩ።

ንሱ፡ “ወላ’ውን እንግሊዝ ዋንጫ ዓለም እንተትዓትር ነይራ፡ ኣነን ምባፐን ኢና ዝበለጽና ተጻወትቲ ዓለም ምበልኩ። ምባፐ፡ ንሪያል ማድሪድ ኣነ ከኣ ንባርሴሎና ኢና ክንጻወት፣ ስለዚ ቀጥታዊ ምትህልላኽ ኣለና። ኣነ ግና፡ ብመንጽር ጸዋኣት ንምባፐ ይበልጾ እየ። ከም ዝበለጹ ተጻወትቲ ዓለም፡ ምናልባት ኣነን ምባፐን ጸብለል ንብል። እንተኾነ ንዓይ ዝያዳ ትግበኣኒ ኮይኑ ይስመዓኒ።” ኢሉ።

ያማል፡ ‘እንግሊዝ ዋላ ዋንጫ ዓለም እንተትዓትር” ዝበሎ፡ ንእንግሊዛዊ ኣጥቃዓይ ባየር ሙኒክ ሃሪ ከይን ዝምልከት እዩ። “ከም ዝመስለኒ፡ ባሎን ዲ’ኦር ናብ ዝበለጸ ተጻዋታይ ክትከይድ ኣለዋ። ናብ 80 ሽቶታት ዘመዝገበ ኣይኮነትን፣ 80 ሽቶታት እንተኣመዝጊብካ ናይ ዝለዓለ ኣመዝጋቢ ሽልማት ኣሎ። ሰባት ክርድእዎ ኣለዎም፣ ክልቲኡ ዝተፈላለየ እዩ።” ክብል፡ ልዕሊ ከይን ከምዝበርዐ ገሊጹ - እዚ “ሽሕ ግዜ ዓሌታዊ ኣድልዎ ወሪዱኒ” ዝበለ ወዲ 19 ዓመት ብርቂ ተጻዋታይ።

ወትሩ ኣዝራቢት ዝኾነት ሽልማት ባሎን ዲ’ኦር፡ ደሮ ብዙሓት ዝተፈላለዩ ተጻወትቲ ሃፀባ ከፊታ ኣላ። ኣቐዲሙ’ውን ምባፐ፡ “ክዕወታ ዝኸእል ዝበለጸት ዓመት እያ” ኢሉ ነይሩ። መን ክዕወታ እዩ ግና፡ 26 ጥቅምቲ ክፍለጥ እዩ።

### መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

*** ፕሪመር ሊግ (ሓሙሻይ ሰሙን)**

ቶተንሃም - ኣስቶን ቪላ 2:30 ድ:ቀ

ኤቨርተን - ኢፕስዊች 5:00 ድ:ቀ

ብራይተን - ኣርሰናል 5:00 ድ:ቀ

ኒውካስል - ሃል ሲቲ 5:00 ድ:ቀ

ኖቲንግሃም - ኮቨንትሪ 7:30 ድ:ቀ

*** ላ’ሊጋ (ሓሙሻይ ሰሙን)**

ሮማ - ኢንተር ሚላን 7:00 ድ:ቀ

*** ላ’ሊጋ (ሻውዓይ ሰሙን)**

ሰቪያ - ባርሴሎና 10:00 ድ:ቀ

# ዜና ዓለም

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ሩስያ፡ ኣብ እታው መግቢ ምዕራባውያን ሃገራት ዘንበረቶ እገዳ ኣናዊሓቶ

ፕረዚደንት ፈደረሽን ሩስያ ቭላዲሚር ፑቲን፡ ነቲ ቅድሚ ዓሰርተ ዓመት ኣብ ልዕሊ ካብ ምዕራባውያን ሃገራት ናብ ዕዳጋታት ሃገሩ ዝኣቱ ገለ መግብታት ኣጽዲቕዎ ዝጸንሐ እገዳ ክሳብ 2028 ከም ዘናውሖ ሓቢሩ።



ሩስያ ከም ግብረ መልሲ ናይቲ ብብርክት ዝበላ ሃገራት ምዕራብ ኣብ ልዕሊኣ ዝተወሰነ እገዳ፡ ኣብ ነሓሰ 2014 ኣብ ልዕሊ ዝተወሰኑ ዓይነታት መግቢ ምዕራባውያን ሃገራት እገዳ ምጽዳቓ ጸብጻባት የመልክቱ።

እቲ እገዳ ንፍርያት ኣመሪካ፡ ሕብረት ኤውሮጳ፡ ብሪጣንያ፡ ካናዳ፡ ኣውስትራልያ፡ ኒውዚላንድ፡ ኖርወይ፡ ዩክሬን፡ ኣልባንያ፡ ሞንተኔግሮ፡ ኣይስላንድን ሊችተንስታይን ዝኸውን ስጋ፡ ምግቢ ባሕሪ፡ ወጽኢት ጸባ፡ ፍሩታታትን ኣሕምልትን ዝምልከት እዩ።

ሞስኮ፡ እቲ እገዳ ብዘይካ ኣብ ምድንፋዕ ዘቤታዊ ፍርያት፡ ምስ ምዕራባውያን ዘይፍትዋ ሃገራት ንዘለዋ ዝምድና እውን ከም ዘጠንከሮ እያ ትገልጽ።

## ኣመሪካ፡ ንስዑዲ ዓረብ ነፈርቲ ውግእ ክትሸጠላ ወሲና



ኣመሪካ፡ ኤፍ-35 ዝዓይነተን 48 ዝተራቐቓ ነፈርቲ ውግእ ንስዑዲ ዓረብ ክትሸጠላ ከም ዝወሰነት ኣፍሊጣ።

ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ፡ ዋጋ ናይተን ሃገሩ ንስዑዲ ዓረብ ክትሸጠላ ወሲና ዘላ ዘመናውያን ነፈርቲ ውግእ፡ ብጠቕላላ 24.3 ቢልዮን ዶላር ከም ዝበጽሕ ገሊጹ።

ብመሰረት እቲ ክፍሊ ዝሃቦ ጸብጻብ፡ ስዑዲ ዓረብ፡ ኤፍ-35 ዝዓይነተን 48 ዝተራቐቓ ነፈርቲ ውግእ፡ ኤፍ135-ፒ.ዳብሊው-100 ዝዓይነቱ 49 ሞተረታትን ካብ ኣመሪካ ክትሽምት ኣቐዲማ ሕቶ ኣቕሪባ ምንባራ እዩ ዝፍለጥ።

ኣመሪካ ነቲ ናይ መሸጣ ሕቶ ከም እተቐበለቶ ትሕብር ዘላ፡ ምንቅስቓስ ሒቲ ኣብቲ ብስዑዲ ዓረብ ከም ዝድገፉ ምስ ዝነገሩ መንግስቲ የመን ዘካይዶ ዘሎ ግጭት፡ ኣብ ከተማ ማሪብ ዋንነት ስዑዲ ዓረብ ዝኾኑት ኣሩራት ውግእ ኤፍ-35 ከም ዘውደቐ ድሕሪ ምግላጹ እዩ።

መሸጣ ናይተን ነፈርቲ ውግእ፡ ነቲ ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ዘሎ ወተሃደራዊ ሚዛን ከይለውጦ፡ ንናይ ምክልኻል ዓቕሚ ስዑዲ ዓረብ ኣብ ህሉውን ዝተናወሐን እዋን ዘደንፍዕ ከም ኡ'ውን እታ ሃገር ምስ ሰራዊት ኣመሪካ ዘላ ማእከላይ ምብራቕን ከ.ዳን ሰሜን ኣትላንቲክ (ኔቶ)ን ንዘለዋ ምትሕብባር ዘዕብን ምኻኑ እዩም ምንጭታት ዘረድኡ።

እስራኤል፡ ኣብ ማእከላይ ምብራቕ እታ እንኮ ነፈርቲ ውግእ ኤፍ-35 እትውንን ሃገር ምኻና ይንገረላ።

## ኢጣልያን ኖርወይን፡ ዝምድናአን ከደንፍዓ ተሰማሚዐን

ኢጣልያን ኖርወይን፡ ኣብ ጸጥታ፡ ምክልኻል፡ ጸዓትን ካልኦት ሓያሎ ጽላታትን ክተሓጋገዛ ከም ዝተሰማምዓ ተሓቢሩ።



እቲ ስምምዕ፡ ቀዳሞት ሚኒስተራት ክልተአን ሃገራት ኣብ ከተማ ኦስሎ - ኖርወይ ኣብ ዘካየድዎ ርክብ እዩ ተበጺሑ።

ክልተአን ሃገራት፡ ኣብ ምምዕባል ብርቂ ማዕድናት፡ ቴክኖሎጂን ጽላት ጠፈርን ብሓባር ከም ዝሰርሓ'ውን፡ ኣብ'ቲ ርክብ ገሊጸን ኣለዋ።

ቀዳመቲ ሚኒስተር ኢጣልያ ጆርጂያ ሜሎኒ ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ ኣብ ዝሃበቶ መግለጺ፡ ተበጺሑ ዘሎ ጸጥታዊ ስምምዕ፡ ንኽልተአን ሃገራት ጥራይ ዘይኮነ፡ ንኤውሮጳ'ውን ኣገዳሲ ምኻኑ ኣሚታ።

ቀዳመይቲ ሚኒስተር ሜሎኒን ቀዳማይ ሚኒስተር ኖርወይ ጆናስ ጋር ስቶርን ኣብ ርክቦም፡ ኣብ ኩናት ዩክሬንን ጸጥታ ሃገራት ደቡብን ኣተኩሮም ምዝርራቦም'ውን ተፈሊጡ።

ጸጥታውን ቁጠባውን መዳያት ኤውሮጳ ንምምዕባል ድማ፡ ኣባል ሃገራት ብሓባር ክሰርሓ፡ እቶም መራሕቲ መንግስታት ጸዊዖም ኣለዉ።

## ደቡብ ሱዳን፡ ብቐቢላዊ ግጭት 26 ሰባት ተቐቲሎም

ኣብ ኣከራኻሪ ዶብ ናይ ደቡብ ሱዳንን ሱዳንን ኣብ እትርከብ ከተማ ኣብዬይ፡ ኣብ መንጎ ክልተ ተቐናቐንቲ ቀቢላታት ብዝተፈጥረ ግጭት፡ 26 ሰባት ክቕተሉ እንከለዉ ካልኦት 82 ሰባት ከኣ መጉዳእቲ ከም ዘጋጠሞም፡ ሰበ ስልጣን ናይታ ከተማ ሓቢሮም።

ኣብዬይ ብኣዳዲ እትፍለጥ ከተማ ኮይና፡ ድሕሪ 2011 ብደቡብ ሱዳንን ሱዳንን ክትመሓደር ከም ዝጀመረት እዩ ዝግለጽ።

እቲ ጎንጺ፡ ኣብ ከተማ ኣብዬይ ኣብ ዝርከብ ናይ ዕዳጋ ማእከል፡ ብኣባላት እተን ካብ ቅድሚ ነዊሕ እዋን ኣብ ግጭት ዝኣተዋ ቀቢላታት ንኽክ ዲንካን ሚሰርያን እዩ ተፈጺሙ።

እቲ ግጭት፡ ኣብዚ ሰሙን እዚ፡ ኣባላት ክልተአን ቀቢላታት ዝኾኑ ክልተ ሰባት ድሕሪ ምቕታሎም ዝሰዓበ ምኽንያት ድማ፡ ናይ ዓይኒ መሰኻኽር ሓቢሮም።

ኣብቲ ከባቢ ኣብ መንጎ ቀቢላታት ግጭት ልሙድ ተርእዮ ኮይኑ፡ እቲ ክርክር ብመሬትን ናይ መጓሰ እንስሳታትን ዝለዓል ምኻኑ እዩም ሰበ ስልጣን ናይታ ከተማ ዘረድኡ።



## ፓኪስታን - ብመጥቃዕቲ ቦምብ 16 ሰባት ተቐቲሎም

ኣብ ክፍለ ሃገር 'ካይበር ፓኸቱንኽዋ' - ሰሜናዊ ምዕራባዊ ፓኪስታን ኣብ ዝርከብ ሓደ መደበር ፖሊስ ብዝተፈጸመ ርእሰ ቅትለታዊ መጥቃዕቲ፡ ሓሙሽተ ኣባላት ፖሊስ ዝርከብዎም ብውሑዱ 16 ሰባት ክቕተሉ እንከለዉ፡ ካልኦት 57 ሰባት ድማ ከም ዝቖሰሉ፡ ሰበ ስልጣን ናይቲ ከባቢ ሓቢሮም።



እቶም ሰበ ስልጣን ወሲኾም፡ ሓደ መኪና ዘይተፈልጠ ሰብ ተተኮስቲ ዝጻዓነት ማኪና መሬሑ ናብቲ ኣብ ዶብ ፓኪስታን ዝርከብ መደበር ፖሊስ ብምእታው ከም ዝፈንጀረ፡ በዚ ከኣ ኣብቲ ውሽጢ እቲ መደበር ኣብ ዝርከብ መሰገድ ናይ ዓርቢ ጸሎት ዘዕርጉ ዝነበሩ ኣባላት ፖሊስን ሰድራ ቤቶምን ግዳያት ናይቲ መጥቃዕቲ ከም ዝኾኑ ኣረጋጊጾም።

ዛጊት ዝኾነ ኣካል ነቲ መጥቃዕቲ ሓላፍነት ኣይወሰደሉን ዘሎ።

መበዝሕትኡ ካብቲ ንፓኪስታን ምስ ኣፍጋኒስታን ኣብ ዘራኽብ ዶብታ ዝፍጸም መጥቃዕትታት፡ ንወተሃደራትን ፖሊስን ዒላማ ዝገበረ ምኻኑ እዮም ምንጭታት ዝሕብሩ።

እስላማባድ፡ ዕጡቓት ጉጅለታት ኣብ መሬት መጥቃዕቲ ንምክያድ ኣብ ኣፍጋኒስታን ምድላዋት ከም ዘካይዱ እያ ብተደጋጋሚ እትኸስስ።

ንኣፍጋኒስታን ዘመሓድር ዘሎ መንግስቲ ጣሊባን ግና፡ ኣብ ውሽጢ ፓኪስታን ዝፍጸም መጥቃዕትታት፡ ውሽጣዊ ጸገም ናይታ ሃገር ምኻኑ እዩ ዝገልጽ።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ኣድራሻ | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ በራኺ | 19/09/2026 | ከባቢ ፊያት ታሊሮ ፊት ቶታል መዐደሊ ነዳዲ | 07147264 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565